
# ሓዳስ ኤርትራ

ዓርቢ

መበል 24 ዓመት ቁ. 152 | 30 ጥሪ 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ኣደታት ንምንታይ ይዝመረለን?



ገጽ 5 ማላላ የሳፍዛይ



ገጽ 8 ኣዕዋፍ ብኸመይ ኣንፈተን ይፈልጣ?



ገጽ 9 ደቀንስትዮን ክሕክን ጥዕና ኣፍን



ገጽ 11 ኣይሾራኣት ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፉ፥ ካሜሩን ተገሊፋ




# ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ገምጋም ስራሕ ብምኽያድ ሓድሽ ወጥን ስራሕ ኣጽዲቑ





ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ “መንእሰይ ይንቃሕ፣ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ26ን 27ን ጥሪ ኣብ እምባትካላ - ኣዳራሽ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ኣብ ዘቃነየ ኣኼቡ ናይ ዓመት 2014 ንጥፈታቱ ብምግምጋም ናይ 2015 ወጥን ስራሕ ኣጽዲቑ።

ኣብቲ ኣስታት 300 ሓለፍቲ፡ ካድራትን ወከልቲ መንእሰያትን ዝተሳተፍዎ ኣኼቡ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምሕያልን ብቑዓት ሓላፍነታውያን ካድራት ንምምልማልን ዝተኻየደ ስራሓት፡ ሃገራዊ ክብርታት ንምዕቃብን ንምምዕባልን ዝተሳለጡ ንጥፈታት፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ኮለጃትን ኣብ ምስልጣንን ምኽትታልን ሕመረታት፡ ካድራትን ኣካየድቲ ኣካልን ዝተዓመ መደባት፡ ዝተወደቡ ስልጠናታት ከምኡ’ውን ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ንምሕያል ዝተሰላሰሉ ስራሓት ብደቂቕ ተገምጊሞም።

ሃማመተኤ ንጥፈታቱ ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋም፣ ዝነበረ ብልጫታትን ድኻማትን ኣለልዩ፣ ኣብ’ዚ ዓመት’ዚ ዓይነታውያን መንእሰያት ንምህናጽን ብቑዓት ሓላፍነታውያን ካድራት ንምምልማልን ብዕቱብ ክሰርሕ፣ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ቀጠባዊ ልምዓትን ካልእ ሃገራዊ መደባትን ዘሐይል ንጥፈታት ክካየድ፣ ስልጠናታት ብስፋሑ ክድፋኣሉ፣ ክለባት መራሕን ሚኒሚድያን ኣብ ኩለን ጨናፍር ኣብያተ-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ክቖማ ዝብሉን ካልእ መደባትን ሐዙ ክስጥፍ ምዃኑ ተገሊጹ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብርኣብ ንተሳተፍቲ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፣ ኤርትራ ናጽ፣ ልኡላዊት፣ ብልጽግቲ፡ ክብረት ዜጋታታ እተውሕስን ድሌት ዜጋታታ እተማልእን ክትከውን ክካየድ ኣብ ዝጸንሐን ዘሎን ቃልሲ መንእሰያት መሪሕ ተራ ክጻወቱ ብምዝኽኻር፡ ሃማመተኤ ሓዚዎ ዘሎ መደባት ስራሕ ብደረጃ ሃገር ዒቢ ቀላሕታን ጠመተን ዝተገበረሉ ብምዃኑ፣ ኣፍራይነት ዝዓበየሉን ምምልማል ካድራት ዓይነታዊ ዝኾነሉን ሜላታት ከተኣታቱ ብምልባው፣ ንዚያዳ ኣድማዕነት ምስ መሻርኽቲ ተወሃሂዱ ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣስዒቡ ኣቶ የማነ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ብዘጋጠመ ወረርን ቀጻሊ ተጻብኦታትን ጸገማት እንተነበሩ፡ ኣብ 2015 ግን መሊእና ሰጊርናዮ ኢና’ኳ እንተዘይተባህለ፡ ናብ ራህዋ ገጽና ክንጥምት ኣብ እንኽእለሉ ሓድሽ መድረኽ በጺሕና ምህላውና ኣስሚሩሉ።

ኣብ መዛዘሚ’ቲ ኣኼባ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ሕቶ መንእሰይ ዝዓበየ ሕቶ ሃገር ምዃኑ ጠቒሱ፣ ማሕበር - መንእሰይ ንምንቃሕ፣ ንምውዳብን ንምዕጣቕን ሓዚዎ ኣብ ዘሎ ስሩዓቲ መደባት፡ ኩሎም መሻርኽቲ ምትሕብባሮም ከዛይዱ ተላብዩ።

***

# “ኣብ ልዕሊ መሬት ዝካየድ ንጥፈታት ንመጻእቲ ወለዶታት ግምት ዝህብ ክኸውን ይግባእ” ሚኒስተር ሕርሻ

ኩሉ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝካየድ ንጥፈታት ብውሕልነት ክሰራሓሉን ንመጻኢ ወለዶታት ግምት ዝሃበ ክኸውንን፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ንልምዓት ሕርሻን መሬትን ብዝምልከት ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተቓንዐ ኣኼባ ጸዊዑ።

ሕርሻዊ እቶት ንምኽዕባት ሓረስቶት ዝተፈላለየ ሜላታት ክጥቀሙ ምእንቲ፡ ኣብቲ ዞባ ተዋፊሮም ዘለዉ ክኢላታት ሕርሻ ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን ክህቡ ዘዘኻኸረ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ብፍላይ ምቅይያር ኣዝርእትን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ነፍሲ-ወከፍ ሓረስታይ ኣገዳስነቱን ረብሓኡን ተገንዚቡ ከም ባህሊ ክዘውትሮ ኣተሓሳሰበ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ብወገኑ፡ ንዚያዳ ውጽኢታዊ ስራሕ ውህደት ክዓዝዝ፡ ኩሉ ዝካየድ ንጥፈታት ኣብ ዓዲ ዝተሰረተ ክኸውን፡ ብቕዓት ዓቕሚ-ሰብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ንኽሕይል ብግቡእ ክውደብ ብምልባው፡ ሕርሻዊ እቶት ዞባ ጋሽ-ባርካ ብመንጽር ዝግበረሉ ትጽቢትን ዘለዎ ተኽእሎን ብዝለዓለ ደረጃ ክምዝመዝ ምእንቲ፡ ገና ሓያል ጻዕርን ስራሕን ከምዘድሊ ኣስሚሩሉ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ባህታ ቴድሮስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብቲ ዞባ ብኣድማዒ እንተተሰሪሑ ንውሽጢ ሃገር ኣኺሉ ንሰደድ ክቐንዕ ዝኽእል ፍርያት ክሕፈስ ከምዝከኣል ጠቒሱ፡ ኣብ 2014 ዝነበረ ሰናይ ክራማት ኣብ ምኽዕባት እቶት ኣዝዩ ሓጋዚ ከምዝነበረ፡ ሓረስቶት ኣቓዲሞም ዝካየድዎ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ድማ ዒቢ ኣበርክቶ ከምዝገበሮ ሓቢሩ።

ካብ ዝተዘርአ 224 ሽሕ ሄክታር ዝምስገን ምህርቲ ከምእተሓፍሰ፡ ንዚያዳ ውጽኢታዊ ስራሕ - ንጥፈታት መስኖኣዊ ልምዓት ዞካይዱ ሓረስቶት ብማሕበር ክጥርነፉ ከምእተገብረ፡ ፍርያት ጸባ ንምዕባይ ምሩጻት ከብትን ጤለ-በጊዕን ምዕዳልን ሕዛእትታት ምኽላልን ከምእተሰርሓሉ፡ ከምኡ’ውን ብርሰት ኣግራብ ንምክልኻልን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ንምውሓስን ብርክት ዝበለ ንጥፈታት ከምእተኻየደን ንቕጻሊ ጠመተ ተገይሩሉ ብዕቱብ ክስርሓሉ መደብ ወጺኡ ከምዘሎ፡ ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ በሪሁ።

ህዝቢ ዞባ ጋሽ-ባርካ ውሑስ ቀረብ ማይ ንኽረክብ ኣብ ዓድታት ሓያል ጻዕርታት ክካየድ’ኳ እንተጸንሐ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ፕሮጀክትታት ተበላሽዩ ኣገልግሎት የቋርጽ ከምዘሎ፡ ብኣጋ ንኸይጽገን ድማ ሕጽረታት መቀያየሪ ኣቕሑን ክኢላታትን ከምዘሎ፡ ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ተነጺሩ።

# ቦሎኛ፡ ኣባላት ሃማደኤ ኣበርክቶአን ኣብ ሃገራዊ መደባት ክብ ንምባል ከምዝጽዕራ ኣረጋጊጸን



ኣብ ከተማ ቦሎኛን ከባቢአን - ኢጣልያ ዝነብራ ኣባላት ሃማደኤ፡ ኣበርክቶአን ኣብ ሃገራዊ መደባት ክብ ንምባል ከምዝጽዕራ፡ ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ ኣብ ዝጸንበላሉ ኣረጋጊጸን። ኣብ'ቲ ብ25 ጥሪ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ካብ ከተማታት ቦሎኛ፡ ሚላኖ፡ ፈረንሴ፡ ቱሪኖ፡ ፔስካራ፡ ፓርማ፡ ሽኑቶ፡ ረጅዮ ኤሚልያን ሞደናን ዝመጹ ዜጋታት ከምኡ'ውን ኣባላት ህግደፍ ኣብ'ቲ ቦታ ዝጸንሓ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ወይዘሮ ዛይድ ጉብረማርያም ኣብ ዘመዓቶ ቃል፡ ንደሙቕ ታሪኽ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ኣመልኪታ መግለጺ ኣቕሪባ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረ-ኮም ቦሎኛ ኣቶ የማን ሃብተማርያም፡ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ርእሶም ጉብረገርጊስን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤልን ድማ፡ ንተራን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማደኤ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ነተን ተቓሊሰን ዘቃለሳ ኣዴታት ዓዲ-ጣልያን ድሕሪ ምምጓስ፡ ታሪኸን ቀጻልነ ንኽህልዎ፡ ኣብ ምውዳብ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኣተኲረን ክሰርሓ ኣተሓሳሰቡ።

---

# ነበርቲ ዓሪታይ፡ ዝተዋደደሎም ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ምውሓስ ጥዕናኦም ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዝሎ ገሊጾም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓሪታይ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ዝተዋደደሎም ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ምውሓስ ጥዕናኦም ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዝሎ ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሞም ሰብን ጥሪትን ካብ ሓደ ምንጪ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክሰትዩ ምጽንሖም ብምዝካር፡ መንግስቲ ነዚ ተገንዚቡ ኣብ ማእከል ዓዶም ብዝሃነጾሎም ፕሮጀክትን ዝተዘርግሐ መስመርን ዝነበሮም ጸገም ከምእተቐንጠጠን ካብ ሕማማት ከምእተገላገሉን ኣብሪሆም።

ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ዓሪታይ ኣቶ ሓምድ ጃበራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ሳላ ዝተጠርነፈ ተጠቃሚ ዘመናዊ ፕሮጀክት ማይ ክኸውን ከምዝበቕዐ፡ እዚ ድማ ንህዝቢ'ቲ ከባቢ ካብ ዝተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣድሒኑ ውሑስ ሂወት ንኽመርሕ ኣኽኢልዎ ምህላው ብምግላጽ፡ እቲ ፕሮጀክት ነውሕ ዕድመ ንኽህልዎ ግቡእ ኣተሓሕዛን ክንክንን ክግበረሉ ኣዘኻኺሩ።

ፕሮጀክት ዝስተ ማይ ምምሕዳር ከባቢ ዓሪታይ፡ ኣብ ሩባ ዓንሰባ እትርከብ ዒላ፡ ናብ ማእከል ዓዲ ዝኣቱ ልዕሊ ክልተ ኪሎ-ሜተር ሻምብቆታት፡ 500 በርሚል ክሕዝ ዝኽል ዓቢ ባስካን ሰለስተ መዐደሊ ንቑጣታትን የጠቓልል።

***


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቍ.ስ 201820(2217)

ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454 - 07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ

ነብያት ጺጋይ

ሳምራዊት መለስ

ምስጋና ተዓገስ


---

# ትካል ቍጠባን ልቓሕን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንልዕሊ 21 ሽሕ ዓማዊሉ ልዕሊ 160 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምዝሃበ ሓቢሩ

ትካል ቍጠባን ልቓሕን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ትሑት ደረጃ መነባብሮ ንዘርከቡ ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ብምውፋር ናብራኦም ዘመሓይሹሉ ባይታ ንምፍጣር ብዘካይዶ ንጥፈታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንልዕሊ 21 ሽሕ ዓማዊሉ ልዕሊ 160 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምዝሃበ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይቲ ትካል ኣቶ ገብርሂወት ወልዳይ ብ27 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ትካል ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 791 ሓደስቲ ዓማዊል ከምእተቐበለ፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት 50 ዓዳውያን ባንክታት ብምኽፋት ድማ ቍጠባዊ ሸግራት ዓማዊል ንምፍታሕ ሓጋዚ ተራ ይጻወት ከምዘሎ ኣነጺሩ።

ዝበዝሐ ዝርግሐ ናይቲ ልቓሕ ኣብ ጽላት ሕርሻን ንኣሽቱ ሸቓጥን ንዝተዋፈሩ ዓማዊል ከምእተዋህበ ዝሓበረ ኣቶ ገብርሂወት፡ መብዛሕትኦም ተገልገልቲ ንዝተለቅሕዎ ገንዘብ ኣብ መዓልኡ ብምውዓል ኣብ ግዜኡ ዕዳኦም ከምዝመለሱ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንሰራሕተኛታት ናይቲ ትካል ዝወሃብ ስልጠና ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ ብዕቱብ ክተሓዝ፡ መብዛሕትኡ ዝርግሐ ልቓሕ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዘተኰረ ምስ ምዃኑ፡ ሓረስቶት ከፍርዩሉ ኣብ ዝኽእሉ ወቕቲ ክወሃብ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ትካል ቍጠባን ልቓሕን ዞባ ደቡብ ኣብ 1993 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ 60 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 75 ሽሕ ዓማዊል ከምዘለውዎ ሰነዳቱ የመልክቱ።

# "ኣነ ክዛረብ ..."

መም/ ኣብርሃለይ ሃብተ

ቈልዓ ከለኹ፡ ብዛዕባ ሓደ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ርእይቶ ክህብ ኢሉ ሓደ ቈልዓ ምስ ዝፍትን፡ "'ኣቦይ ጽናሕ ኣነ ክዛረብ' ዝብሉ ክመጽኡ እዮም እኳ ይብል እዩ መጽሓፍ" ዝብሉ ብዙሓት ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት እሰምዕ ነይረ። እዚኣ ከም ዘላታ እንክትርጉማ፡ 'ቅድም ኣነ ክዛረብ፡ ዳሕራይ ድማ ንስኻ' ማለት ኢያ ትመስለኒ ነይራ። ዳሕራይ እቶም ዓበይቲ ኣቐዲምካዮም'ውን ኣብ መወዳእታ ዕድል ኣይህቡኻን እዮም። ኣብ ማእከሎም ክትህሉ እውን ኣይደልዩኻን እዮም። ክትዛረብ ጥራይ ዘይኮነስ ክትሰምዕ'ውን መሰል የብልካን ማለት እዩ። ብሕጽር ዝበለ፡ "'እዚ ኣይቦታኻን'ዩ እሞ እልይ' በል" ማለት ኢያ።

ኣብዚ ሎሚ እዋን ግና ብዙሕ ኣይሰምዓን ኣለኹ እዛ ዘረባ። ተሳዒራ ክትከውን ተሰፋ ኣለኒ። ክርእዮ እንከለኹ ግን እቲ ሓቂ ከምኡ ኣይመስለንን። እቲ ምኽንያት ድማ ሕጂውን ቈልዑ ኣብ 'ዘረባ ዓበይቲ' ከይኣትዉ ስለ ዝኽልከሉ'ዩ።

'እሞኸ ቈልዑ ኣብ ዘረባ ዓበይቲ ክኣትዉ ይግባእ ድዩ?' ዝብል ሓታቲ ክርከብ ይኽእል'ዩ። እቲ መልሲ ኣብ ናይ ካልእ ሕቶ መልሲ'ዩ ዝምርኮስ፡ ኣብቲ፡ 'ዘረባ ዓበይቲ እንታይ'ዩ?' ዝብል ሕቶ። ንዓበይቲ ጥራይ ዝተሓዝአ ጉዳያት ኣሎ ዝብል እምነት ኣለኒ። ቈልዑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓበይቲ ዘልዕሉዎ ኣርእስቲ ክኣትዉ ኣለዎም ኢለ ድማ ኣይኣምንን'የ። እቲ ምኽንያት እቲ ኣርእስቲ ንዕኦም ዝምልከት ከይከውን ስለ ዝኽእል'ዩ። እቲ ኣርእስቲ ንወለዲ ጥራይ ዝምልከት፡ ወለዲ ጥራይ ዝዋስእሉ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፡ ሰብኣይን ሰበይትን ምስ ዘይሰማምዑ ገና ብኣእምሮ ዘይበሰሉ ቈልዑ ነቲ ዘይምስምማዕ ክሰምዕዎ ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ዝሰምዕዎ ኣብ ህይወቶም ስምብራት ክገድፍ ስለ ዝኽእል፡ ንረብሓ እቶም ቈልዑ እቲ ኣርእስቲ ክኽወል ጽቡቕ'ዩ።

ሓደ ኣርእስቲ 'ዘረባ ዓበይቲ' ምስ ዘይከውን ግን ቈልዑ ክሳተፍዎን ርእይቶኦም ክህቡሉን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ - ንዝተፈላለየ ምኽንያት። እዚ ከምዚ ዝበለ ኣርእስቲ ድማ እንተስ ብሓባር እንተስ ብበውልቂ ምስ ቈልዑ ክዝረበሉ ኣለዎ። ቈልዑ ካብ ስድራቤቶም ዝመሃርዎ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። እዚ ካብቲ ቈልዑ ምስ ኣቦን ኣደን ኣብ ዙርያ መኣዲ ኮፍ ክብሉ እንከለዉ ዘልዕልዎ ሕቶታት ክፍለጥ ይከኣል። እዚ እቲ ቀዳማይ ምኽንያት'ዩ።

ካልኣይ ወለዲ ምስ ደቀም ከዕልሉን ርእይቶ ደቀም ክሰምዕሉን ዝግብኣሉ ምኽንያት ወለዲ ቀዳሞት መማህራን ደቀም ስለ ዝኾኑ እዮም። ቈልዑ ክሻ ምሉእ ሕቶ'ዩ ዘለዎም። ኣብ ዓለም ሓደ ዘይውዳእ ነገር እንተ ሃልዩ ሕቶ ቈልዑ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ንኹሉ ሕቶኦም ክትምልስ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ይኹን'ምበር ወለዲ ዝከኣሎም ክገብሩ ይግባእ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ብዘምኽንያት ሕቶ ደቀም ወለዲ ኣብ ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ኣብ ታሪኽን ካልእን ኣትዮም ክዛረቡ ይግደዱ። እዚ ድማ እቲ ቈልዓ ካብ ቤት ትምህርቲ'ውን ክረኽቦ ዘይኽእል ትምህርቲ ካብ ወለዱ ክረክብ ይሕግዞ።

'እዞም ኣብ ተለቪዥን ንርእዮም ዘለና ቈልዑ እንታይ ኮይኖም ይበኽዩ ኣለዉ?' ኢሎም ቈልዑ ምስ ዝሓቱ ወለዲ ከይፈተዉ ብዛዕባ ግጭት እስራኤልን ፍልስጤማውያንን ክዛረቡ ይግደዱ። ወይ ድማ ብዛዕባ'ዚ ዝቐደ ዘሎ ውግእ ሓድሕድ ሶርያ ምዝራብ ግዲ ይኸውን። ወይ'ውን ብዛዕባ ጥሜትን ጠንቁን ምዝራብ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል።

ቅድሚ ሕጂ ዓበይቲ ኣፍና ከትሕዙና ክደልዩ ከለዉ፡ "'ኣቦይ ሓንሳብ ጽናሕ ንሕና ክንዛረብ' ዝብሉ ክመጽኡ እዮም፡ ይብል እዩ ጽሑፍ" ኢሎምና እዮም። ኣየናይ ጽሑፍ እዩ ከምኡ ዝብል ኣይፈለጥኩን። ወለድና፡ ምናልባት ኣኽብሮት ንዓበይቲ ክምህሩና ደልዮም ከምኡ ይብሉና ነይሮም ይኾኑ'ምበር ካብ ክፍኣት ኣይመስለንን። ይኹንምበር፡ እቲ ቅድሚ ሕጂ ኣቦታትና ዝኸድዎ መንገዲ ኣብቲ እንደልዮ [ምብህሃል ኣብ መንጎ ወላድን ውሉድን] ዘየብጽሓና እንተ ኾይኑ ክንእርሞ ሓላፍነትና'ዩ። እቲ ወለድና፡ በዚ ዘረባ እዚ ክብሉና ዝደልዩ ዘለዉ [ኣኽብሮት ንዓበይቲ] ድማ ብካልእ መንገዲ ጌርና ንደቅና ከይንምህሮም ዝኽልክለና የለን።

***



# ኣደታት ንምንታይ ይዝመረለን?



ቅድሚ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ካንሸሎይ ዘሎ ቈልዓ፡ ዓንቀሩ ክሳብ ዝቕዕ፡ "ኣእዳዋ ዘርጊሓ/ ትብለኒ መርሓባ/ ኣየ እቲ ለውሃታ/ ኣብ ግዛ ዕምባባ/ ክዳኒይ ሓጺባ/ ኣንቂጻ ኣስታሪራ/ ትኸድኒ መታን ከይቆራ/ መታን ከይዕንቀፋ/ መታን ከይሰበራ/ ቅድመኻ ደስጥሓኒ ትብል/በቲ ጥዑም ቃላ" ኢሉ ክዝምር ሰሚዐዮ።

መዝሙሩ ተሰዊጥትኒ። ብዙሕ ሕቶ ድማ ኣለዓዒላትለይ። እዚ ቈልዓ ንምንታይ ብዛዕባ ኣደኡ ይዝምር ኣሎ? ንምንታይ ብዛዕባ ኣቦኡ ኣይዝምርን? ኣደታት ጥራይ ደዩ ዝዝመረለን? ንምንታይ ኣደታት ጥራይ ይዝመረለን?

ከም መልሲ፡ ቅድሚ ኩሉ ኣብ ኣእምሮኻ ውትፍ ዝበለካ ምኽንያት፡ "እቲ ቈልዓ ተደሪሱ ዝተዋህቦ መዝሙር ደኣ ተቐቢሉ'ምበር መግለጺ ስምዒቱ ዝኾነ ኣይዘመረን" ዝብል እዩ። ሓቂ'ዩ። እዚ ናይ መዋእለ ህጻናት መዝሙር'ዩ። እቲ ቈልዓ ድማ ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝተማህሮ መዝሙር ዘመረ።

ሕራይ እዚ ምኽንያት ቅቡል'ዩ ንበል። እቲ ጕጠምጢ ብዛዕባ ኣቦታት'ውን ክጽሖፍ ይኽእል ነይሩ'ዩ። ኣይገጠመን። ኣብ ክንዳኡ ኣብ ኣደታት ከተኩር ደልዩ። ብዛዕባ ኣደታት ድማ ገጠሙ።

እዚ ቈልዓ ዝዘመረሉ ዘሎ ጉዳያት፡ ምሕጻብ፡ ምስትራር፡ ምኽዳን ንክንደይ ኣቦታት ይምልከቶም ኮን ይኸውን? ኣብ ሕብረተሰብና እቲ ዝኸበደ ስራሕ ኣብ እንግድዓ ደቂ ኣንስትዮ'ዩ። ጾብሒ ምስራሕ፡ እንጌራ ምስንካት፡ ሕጻቦ ወዘተ።

ኣብ ኣብያተ ካፌታት ኣሰመራ ይኹን ካልኦት ከተማታት ዘወር ምስ እትብል እትዕዘቦ ፍሉይ ነገር ኣሎ። ኣብዚ ዝተፈላለዩ ደቂ ተባዕትዮ ኢኻ ትረክብ። መንእሰያት፡ ዓበይቲ፡ ሓዳር ዝገበሩ፡ ሓዳር ዘይገበሩ። ኩሎም ዓይነት ደቂ ተባዕትዮ።

እቶም ሰብ ሓዳር ምስ ኣንስቶም ዘይኮኑስ ምስ ኣዕሩኽቶም ዝመጹ እዮም። እዚኦም ናብዚ ካፌታት ወይስ ባራት እዚ ክመጹ እንከለዉ ንምንታይ ምስ ኣንስቶም ዘይመጹ? እቲ ምኽንያት ብስራሕ ኣብሎም መጺኦም ክበሃል ይከኣል'ዩ። ግን ኣብቲ ስራሕ ዘይብሉ ቀዳምን ሰንበትን እንተ ኾነ'ውን ምስ ኣዕሩኾም እምበር ምስ ኣንስቶም ኣይትረኽቦምን ኢኻ። ንሳቶም ክዘዩ እንደዮም ዝመጹ። ምዝናይ ድማ ንኽልቲኦም እምበር ንሓደ ጾታ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። እቶም ሰብኡት ምዝናይ ካብ ኣድሊዮም፡ ኣንስቲ ምዝናይ 'ዘይደልያሉ' ምኽንያት ኣይረኣየኒን'የ።

ብኣንጻር እቶም ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ኣብያተ ካፌ ዝርከብ መብዝሕትአን ደቂ ኣንስትዮ መንእሰያት እየን። እዚአን ገና ሓዳር ዘይገበራ ከም ዝኾና ድማ ቀልጢፍካ ኢኻ ቶብ እትብሎን። ንሶም ዝዕድሙወን ደቂ ተባዕትዮ ርኢኻ ድማ ኣዕሩኽቲ ከም ዝኾኑ ክትግምት ትኽእል። ብዙሕ ግዜ እቲ ግምትካ ድማ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኮይኑ ኣይጸንሓካን'ዩ። 'እዘን ደቂ ኣንስትዮ እዚኣን እንተ ተመርዕየን ግና ኹና ሓደስቲ መርዖት እየን ዝኾና' ኣብ ዝብል መደምደምታ ድማ ትበጽሕ። መደምደምታኻ ንባዕሉ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን።

ሓዳር ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ትካል'ዩ። ሰብኣይን ሰበይትን ዘለዎም ጸጋታት (ግዜ፡ ገንዘብ፡ ፍልጠት፡ ክእለት ወዘተ) ሐዚዮም እዚ ትካል'ዚ የቐውምዎ። ነቲ ንምምሕዳሩ ክጥዕመኒ ኢለ እምበር ንሓዳር ከም ትካል ክገልጾ ኣይምረተኹን። ንግዜኡ ደሓን ከም ትካል'ዩ ኢልና ንሕሰቦ።

ክልቲኦም ሰብ ሓዳር፡ ክተኣታተዉ ከለዉ ድማ ነዛ ትካል ብሓባር ክሰርሕዋ፡ ክጽዕርላ ከደንፍዕዋ ኢሎም እዮም ዝበጽሑ። ክልቲኦም ከም ሓደ ሰብ ኮይኖም እንተ ሰርሕላ ድማ እዛ ትካል'ዚኣ ትሰስን። ሓደ ጥራይ ዝሰርሓላ እቲ ካልእ ድማ በቲ ዘበርኸቶ፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ዘጠቕዕ እንተ ኾይኑ ግን ነቲ ዘፍረዮ ኣብ ቀዳድ ክሻ ከም ዝጽቐሮ ይኸውን'ሞ እዛ ትካል'ዚኣ ድማ ኣብ ክንዲ እናሰሰነት እናማሰነት ትኸይድ።

ኣብዛ ትካል'ዚኣ እቲ ኣዝዩ ህርኩት ሰራሕተኛ ኣደ ኢያ። ቈልዑ ድማ እዚ የስተውዕልዎ እዮም። ክዳኖም ዝሓጸበን ዘስታረርን መን'ዩ ይርእዩ። ዳሕራይ ምስ ኀበዙ ድማ፡ ኣደታት ኣብ ምስንካትን ሕጻቦ፡ ምስትራርን ምእራይን ክዋፈራ ንእንዳ ሻሂን ኣብያተ ካፌን ከም ዘይርከባሉ የስተውዕልዎ። እቲ ንዋዒሕ ዝረኣዩዎን ዝተዓዘብዎን ሓቂ፡ ንዋዒሕ ዘኳማስዕዎ ትዕዝብቲ ምስ ዓበዩ ጥዑም መዝሙር ንኣደታት ኮይኑ ይወጽኦም። ንኣደታት ድማ ጥዑም መዝሙር ይዝመረለን። ኣብ ሓዳር እተን ናይ ሓቂ ጀጋኑ ንሳተን እየን እሞ ከምዚ ዝኣመሰለ መዝሙር ክውሕደን'ዩ እምበር ኣይበዝሐለንን'ዩ።

# ሕግን ሕብረተሰብን

ሳሙኤል ዝበረብርሃን

# መሰርሕ ውርሲ ብዓልቤተይ ኣበይን መዓስን ድዩ ዝኽፈት?



ብዓልቤተይ ብሞት ተፈልዩ፡ ብሓደ ድማ ኢና ኣብዚ ሕጂ ኣነ ዝነብረሉ ዘለኹ ከባቢ ንቕመጥ ነይርና፡ ማለት ነብርናሉ ኣብዚ ኣነ ዘለኹዎ ቦታ እዩ፡ ካብ ሓዳር ወጻኢ ዝወለደላ ኣብ ካልእ ከባቢ እትቕመጥ ኣደ-ወዱ። ድሕሪ ሞቱ ከይደንጎየት፡ መሰርሕ ውርሲ ኣብቲ ንሳ እትቕመጠሉ ከባቢ ኣኽፊታ ጉዳይ ይቕጽል ኣሎ። ብወገነይ ከም ተቓዋሚት ቀሪበ፡ 'ሕጋዊ ብዓልቲ ቤቱ ኣነ ስለዝኾንኩ ኣነ ኣብ ዝቕመጠሉ ቦታ እዩ መሰርሕ ውርሲ ብዓል ቤተይ ዝኽፈት' ኢለ ኣለኹ'ሞ፡ ብሕጊ ከመይ ይረኣ፡ ድሕሪ ክንደይ ደዩ'ኸ መሰርሕ ውርሻ ክኽፈት ዘለዎ?

ሰተሚካኤል - ደቀምሓረ

ብቐጥታ ናብቲ ሕቶ ቅድሚ ምሕላፍና፡ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ሕጊ ውርሻ መብርሂ ክንሀብ፡ ሕጊ ወርሻ ማለት ወዲ ሰብ ኣብ ዓለም ብሂወት እንከሎ ዝጥረዮ ንብረት ናብ ካልኦት ሰባት ብኻልእ ኣዘራርባ ናብ ወረስቱ ዝመሓላለፈሉ ኣገባብ ዝድንግግ ክፋል ሕጊ ኢዩ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል፣ ትርጉም ሕጊ ወርሻ ኣሚቱልና ከምዝሎ ዕላማ ናይ'ዚ ሕጊ መዋቲ ንዝገደፎ ንብረት ብሕጋውን ስሩዕን ኣገባብ ናብ ወረስቱ ተኸፋፊሉ ከምዝሰጋገር ምግባር ኢዩ፣

ኣብዚ ለሚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝሰርሓሉ ዘሎ ሕጊ ወርሻ ንኣካብርሩ። ባህልን ልምድን፡ ሃይማኖት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ኢዩ፣ በዚ መሰረት ዋላ'ኳ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ተኻዲፉ ዘሎ ሕጊ ወርሻ ተመሳሳሊ ዕላማ እንተለዎ ኣብ'ቲ ትሕዝቶታቱ ጥልቕ ኢልካ እንተርኢኻዮ ግን ፍልልያት ኣለዎ፣ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ወሽጢ ሓንቲ ሃገር'ውን ከይተረፈ ምስ ብዙሕነትን ፍልልያትን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ሕጊ ወርሻ ክህሉ ይኽእል ኢዩ፣

ወርሻ ኢልና ንዛረብ እንተድኣ ሃሊና ምስኡ ተታሓሒዙ ዝመጽእ ሞት ናይ ወዲ ሰብ ኢዩ፣ ወዲ ሰብ ካብ ዓለም ብሞት ምስ ተፈለየ ንብረቱ ብሕጊ ወርሻ ኢዩ ዝመሓደር፣ ሰብ ብሂወቱ ከሎ ስለ ዘይወረስ ወርሻ ድሕሪ ሞት ዝመጽእ ኣምር ኢዩ፣ ስለዚ መሰርሕ ውርሲ መዓስ ኢዩ ዝኽፈት እንተኢልና፡ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ውርሲ ካብ'ታ መዋቲ ትንፋሱ ዝሓለፍትላ ህሞት ኣትሒዙ ከም ዝኽፈት ደንጊጉ ኣሎ፣ መሰርሕ ውርሲ መዓስ ከምዝኽፈት ኣነጺርካ ምግላጽ ብዙሕ ኣገዳስነት ክህልዎ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ቀንዲ ግን ኣብታ መዋቲ ዝሞተላ ግዜ ካብቶም ወረስቲ በዓል መን ብሂወት ነይሮም በዓል መን'ከ ቅድሚ መዋቲ ሞይቶም ንምፍላጥን ብቕዓት ወራሲ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ኢዩ፣

መሰርሕ ወርሲ ኣበይ ቦታ ኢዩ ዝኽፈት? መሰርሕ ወርሲ ኣብ'ቲ መዋቲ ከም ቀንዲ መንበሪኡ ገይሩ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ቦታ ኢዩ ዝኽፈት፣ ሲቪላዊ ሕግና መሰርሕ ወርሲ ኣበይ ቦታ ክኽፈት ከም ዘለዎ ምግላጹ ምስ ወርሲ ተታሓሒዞም ዝለዓሉ ክርክራት ኣብ'ቲ ቀንዲ መንበሪ ቦታ ናይ መዋቲ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ምእንቲ ክዳነይ ኢዩ፣ ብመሰረት ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኣብ ናይ ወርሲ ጉዳያት እቲ ናይ ዳኝነት ስልጣን ኑቲ ኣብ ቀዋሚ መንበሪ ቦታ ናይ መዋቲ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኢዩ ተዋሂቡ ዘሎ፣ ስለዚ፡ መዋቲ ብዓልቤትኪ ኣብቲ ንስኺ እትቕመጥሉ ቦታ እንተኾይኑ እቲ ቀዋሚ ነብርኑ፡ ዘቕረብክዮ ሕቶ ተቐባልነት ክህልዎ እዩ፡

# ግጭት ብዕርቂ ክውዳእ ንዝተወዓዓለ ወገን ዕርቂ ክፍጽም ክገድዶ እኽእልዶ?

ኣብ ሓደ ትካል ናይ ሕሳብ ክኢላ ኮይነ ንምስራሕ ተወዓዒለ፡ ብመሰረት ሕጋዊ ረቛሒታት ዘማልአ ውዕልና ኸኣ፣ ኣብ መንጎና ዝኾነ ግጭት ወይ ምስሕሓብ እንተደኣ ተኸሲቱ ብዕርቅን ስምምዕን ክንውድኦ ተወዓዒልና ኢና። በዚ ክፍታሕ 'ተዘይክኢሉ ድማ፣ ክልቴና ብእንመርጾም ናይ ዕርቂ ሽማግለታት ጉዳይና ክውዳእ'ዩ ውዕልና። ምስሕሓብ ተኸሲቱ ግን፣ 'ከም ውዕልና መሰረት ብዕርቅን ስምምዕን ንወድኦ' ንዝበልኩዎ ሓሳበይ ክተግብር ፍቓደኛ ኣይኮነን። ሕቶይ፣ ከም ውዕልና መሰረት ጉዳይና ብዕርቂ ክረኣ ምእንቲ ንመወዓዕልተይ ክገድዶ ሕጋዊ እኽእልዶ?

ሄኖክ - ኣስመራ

ዝኸበርካ ሄኖክ፣ መንቀሊ ሕቶኻ ኮይኑ ዝተረደኣናዮ፣ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እቲ ትካልን ዝፈጸምካዮ ውዕል ኮይኑ፣ ብመሰረት ውዕልኩም ድማ፣ ኣብ መንጎኹም ዘይምስምማዕ ምስ ዝፍጠር እሞ ድማ እዚ ዘይምስምማዕ'ዚ ብስምምዕ ምፍትሑ እንተ ዘይተኻኢሉ፣ ብኽልቴኹም ወገናት ብዝቖሙ ናይ ዕርቂ ሽማግለታት ክረአ ስለ ዝተወዓዓልኩም እዩ። ዝፈጸምክምዎ ውዕል ኩሉ ሕጋዊ ረቛሒታት ኣማሊኡ ዝተፈጸመ ምዃኑ ከም ወሀብ ወሰድና ኢና ሓሳብ ክንፍልጠካ፡ ብቐጥታ ናብ ሕቶኻ ቅድሚ ምሕላፍና ግን፣ ንእግረ መገድና ብዛዕባ ውዕል ዝምልከት ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ።

መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፣ ውዕል ማለት ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት ግዴታ ንምፍጣር፣ ንምምሕያሽ ወይ ከም ዝበቕዕ ንምግባር ዝኣቶ ወለንታዊ ስምምዕ እዩ ብምባል ይገልጾ። ብሕጽር ዝበለ፣ ሓደ ስምምዕ ከም ውዕል ንክወሰድ ዝግባእ ዝስዕቡ መሰረታውያን ተደላይነታት ክማልእ ኣለዎ።

1. ኣብ ሓደ ውዕል፣ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተወዓዓልቲ ወገናት ክህልዉ ኣለዎም፣

2. እቲ ዝግበር ስምምዕ፣ ብገንዘብ ክዕቀን ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ፣

3. እቲ ስምምዕ፣ ንምቛም (ንምፍጣር) ሓድሽ ግዴታ፣ ንምልዋጥ ወይ ምቕያር ዝጸንሐ ግዴታ፣ ወይ ከኣ ንምብቃዕ ግዴታ ዝምልከት ክኸውን ኣለዎ።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ከኣ ዓንቀጽ 1678 መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፣ ሕጋዊ ተቐባልነት ዘለዎ ውዕል ኣሎ ንኽንብል ክማልኡ ዘለዎም ሰለስተ ባእታታት የቐምጥ። እዚ ማለት ከኣ ሕጋዊ ተቐባልነት ዘለዎ ውዕል ተማሲሪቱ ንኽበሃል፦

ሀ) ተወዓዓልቲ ወገናት፦ ውዕል ንምፍጻም ሕጋዊ ብቕዓት ዘለዎም ኮይኖም፣ ኣብ ሕጊ ጉድለት ዘይብሉ ፍቓደኛም ምግላጽ።

ለ) ዕላማ ናይ ውዕል እኹል ብዝኾነ መጠን ዝተነጸረ፣ ዝከኣልን ሕጋውን ምዃን

ሐ) ዝተኣዘዘ ቅጥዒ ምስዝህሉ እቲ ውዕል ነዚ ብሕጊ ዝተኣዘዘ ቅጥዒ ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ።

ስለዚ ሓቲተ፣ ውዕልኩም ከምቲ ዝጠቐስናዮ እዚ ኹሉ ረቛሒታት ዘማልአ ክኸውን ንጸበ፡ ከምዚ እንተደኣኮይኑ ድማ ዝፈጸምክምዎ ውዕል ኣብ ልዕሌኹም መሰልን ግዴታን ዝፈጥር ኮይኑ ክርከብ። ኣብ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጽ ቍ. 1731 ተደንጊጉ ከምዘሎ ከኣ፣ ብሕጊ መሰረት ዝተመስረተ ውዕል ኣብ ልዕሊ እቶም ኑቲ ውዕል ዝመስረቱ ሰባት ሕጊ እዩ። ከሰሲ ተጣሒሱ ዝበሎ መሰል ንምኽባር ደንገት ዝሓተተ፣ ዝሓተተሉ ምንጪ ወይ መሰረት መሰሉ ውዕል ወይ ሕጊ ክምዝኾነ ብምርግጋጽ ከምዝኾነ ኣከራኻሪ ኣይኮነን። መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ ዓንቀጽ 33(2) መሰረት ድማ፣ ከሰሲ ካብ ተኸሳሲ ዝሓቶ ጥቕሚ ወይ መሰል ብምርግጋጽ፣ ጥርዓኑ ክቕርብ ኣለዎ ክብሃል እንከሎ፣ መሰረት'ቲ መሰል ሕጊ ወይ ውዕል ምዃኑ ብምግላጺ ክርኤይ ኣለዎ ማለት እዩ። ንስኻ ሓቲትካ'ውን ውዕል መሰረት ዝገበረ ሕቶ ኢኻ ከተቕርብ። ስለዚ፣ መወዓዕልትኻ ከም ውዕሉ መሰረት ንግጭትኩም ብስምምዕ ወይ ብዘመረጽክምዎም ናይ ዕርቂ ሽማግለታት ክፈትሕ ፍቓደኛ ክኸውን ዘይኮነ፣ ስምምዕኩም ወይ ውዕልኩም ክፍጽም ክሲ ከተቕርብ ሕጋዊ መሰረት ኣሎካ።



# መን ክብል ?

ገብሩ ክብረኣብ

# ማላያ ዩሳፍዛይ

**ምሉእ ስም፡ ማላያ ዩሳፍዛይ**
**ዝተወልደትሉ ዓመት፡ 1997**
**ዓዲ፡ ፓኪስታን**
**ሞያ፡ ጸሓፊት (ጐስጓሲት ደቀንስትዮ ምእንቲ ክመሃራ)**



ስድራኣ ምሁራትን ትኣለት ትምህርቲ ዝውንኡን ዝመርሑን ስለዝኾኑ ቅልጥፍ ኢላ ንኽትነቕሕ ብዙሕ ተራ ነይርዎም። ዓሰርተ ክልተ ዓመት ቅድሚ ምድፋና ናብቲ ዓርሞሽሽ መደበር ቴለቪዥን ቢቢሲ ሓደ ዓንቀጽ ልኢኻ፤ ንሱ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ፡ ትምህርቲ ደቀንስትዮ ዝኽልክል ግዝኣት ጣሊባን ንእትረኽቦ ዘላ ጸገም፡ ጣሊባን ንሩባዕሰዋት ክቆጻጸር ዘኳይዶ ጻዕሪን ንሳ ትምህርቲ ደቀንስትዮ ንኽበፃቢ እተርእዮ ውልቃዊ ተበግሶን ዝገልጽ ድማ ነበረ - እቲ ዓንቀጽ። በዚ ምኽንያት ዓንቀጻ ብዙሕ ተቓልሐ። እዚ፡ ኣብ መጀመርታ 2009’ዩ። ኣብ ክራማት 2009፡ ጋዜጠኛ ናይቲ ወሩዊ መጽሔት ‘ኒው የርክ ታይምስ’ ዝኾነ ኣዳም ቢ. ኤሊክ፡ ብዛዕባ ማላያ ዩሳፍዛይ ሓደ ደኮመንታሪ ሰርሐ። እዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሚድያ መስኮታት ክትርአ ኣኽኢሉ። ቡቲ ግዜ’ቲ ኸኣ ኣብቲ ንቖልዑ ዝቕረብ ኣህጉራዊ ሽልማት ሰላም (international children’s peace prize) ተሓጽያ።

ማላያ ዩሳፍዛይ ቤታ ናይ ቤት-ትምህርታ ኣውቶቡስ ካብ ቤት-ትምህርታ ናብ ገዛኣ ኣብ ትምለሰሉ ዝነበረት እዋን’ዩ - 9 ጥቅምቲ 2012 ኣጋ ምሸት፡ ብደገ ዓቢ ደሃይ ምስ ተሰምዐ እታ ኣውቶቡስ ቀጸበት ደው በለት። ማላያ ዩሳፍዛይ፡ ትብሃል ቈልዓ ኣላዶ ኣብዚ ኣውቶቡስ? ዝብል ደሃይ ድማ ነበረ፡ እቲ ዝተሰምዐ። ነዚ ዝበሉ ኸኣ ምሉእ ዕጥቂ ዝዓጠቑን ዝተሸፈኑን ኩሎም። ሓደ ካብኣቶም ፈለጣ ኸኣ’ሞ ብረት ኣቐንዐላ። ናብኣ ዝዓለመ ሰለስተ ሳብ እውን ተኾሰ። ሓንቲ ካብተን ጥይት ኣብ ጫፍ ገጻ ስለዝረኸበታ ድማ ተጐድኣት። ዘርጋሕ ኢላ ብምውዳቕ እውን ሃላዋታ ኣጥፈኣት። ድሕሪ ብዙሕ ሰዓታት ግን ኑብሳ ፈለጠት’ሞ ብዙሕ ተሃሲያ ብምንባራ ናብ ኤልሳቤጥ ሆስፒታል ንዓዲ እንግሊዝ ተላእከት። ግቡእ ሕክምና ድሕሪ ምርካብ ኸኣ ሓወየት።

እዚ ምስ ኩነ ሓምሳ ዝቖጸሩ ዓበይቲ ዓዲን ሸኻትን ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ማላያን ኣቦኣን ዝካየድ ፈተነ ቅትለት ደው ክብል ዝጽውዕ መልእኽቲ ኣመሓላለፉ። ነቲ ፈተነ ቕትለት ዘካየደ ጣሊባን ምኽኑ ዝገንሮ’ኳ እንተኾነ ማእከል ወታሃደራዊ ስለያ ኣመሪካ(C I A) ንጣሊባን ንምስይጣን ብዕላማ ዝገበርዎ ምንባሩ ዝጠቕሱ ፓኪስታናውያን ድማ ብዙሓት’የም።

ድሕሪ’ቲ ፈተነ ቕትለት፡ ጉዳይ ማላያ ዓቢ ኣቓልቦ ረኸበ። ንማላያ ዩሳፍዛይ ንምሕጋዝ ድማ ዓለማዊ ምንቅስቓስ ተራእየ።

ደቀንስትዮ ምእንቲ ክምሃራ ብርቱዕ ድሌት ካብ ዘለወን ንኣሸቱ መንእሰያት ሓንቲ’ያ። ብዙሓት መጽሔታት እውን ነቲ ጉዳይ ከም ዝዓበየ ኣርእስቲ ቈጺረን ጸሓፉሉ። ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ተኸታታሊ ጉዳያት ዓለማዊ ትምህርቲ ዝኾኑ ጎርደን ብሮውን ድማ ብስም ማላያ ንመላእ ዓለም ምሕጽንታ ትምህርቲ ኣቕረበ። እቲ ክሳብ መወዳእታ 2015 ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ቈልዑ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክርከቡ ዝጠልብ ምሕጽንታ ድማ፡ ‘ኣነ ማላያ’የ’ (I am Malaya) ዝብል ጭርሖ ኣለዎ። እዚ ምሕጽንታ’ዚ፡ ኣብ ፓኪስታን መሰል ትምህርቲ ዜጋታት ክጸድቕ ኣኽኢሉ። በዚ ኸኣ ሚያዝያ 2013 ኣብ ዝተሓትመ መጽሔት ታይም (time magazine) ማላያ ዩሳፍዛይ፡ ኣብ ቅድሚት ገበር ተራእያ። ኣብቶም፡ ሚእቲ ጸለውቲ ሰባት ዓለም ኸኣ ተሰርዐ። እዚ ኸይኣክል፡ ኣብ ፓኪስታን ንዘወሃብ፡ ‘ሃገራዊ ሽልማት ብሉጻን ኣብነታውን መንእሰይ’ ጨበጠ።

ብ 12 ሓምለ 2013 ንሱ፡ ኣብ መንጎ ሰበስልጣናት ዓለም ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ተረኺቡ፡ ምእንቲ ምስፋሕ ትምህርቲ ተዛሪቡ። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ድማ፡ ንቤተ-መጻሕፍቲ በርሚንግሃም’ ከፈታትዩ። እዚ ምስ ሓለፈ ኣብ ለካቲት 2014 ንዓለማዊ ሽልማት ቈልዑ (world children prize) ተሓጽያ። ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ድማ ካብ ‘ኪንግስ ኩሌጅ ዩኒቨርሲቲ’፡ መዓርግ ዶክተር ተቐቢላ። ብ10 ጥቅምቲ 2014 ድማ ማላያ ዩሳፍዛይ ተሸላሚት ‘ሽልማት ኖበል ንሰላም’ (nobel peace prize) ኰይና። ቈልዑ ምእንቲ ክመሃሩን ጸቕጢ ቈልዑ ክእለን ብዘርኣየቶ ብርቱዕ ምንቅስቓስ ኣብ መበል 17 ዓመት ዕድመኣ ኖበል ክትሽለም ብምኽኣላ እውን ብዕድመ ዝንኣሰት ተሸላሚት ኰይና ኣብ ታሪኽ ሰፊራ።

ማላያ ዩሳፍዛይ፡ ሚንጎራ - ዞባ ሰዋጉ፡ ኣብ ዝበሃል ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን፡ ኣብ 1997 ተወሊዳ። ማላያ ምስ ኣደኣ ቶር ፐኪያን ኣቦኣ ዚኣዲን ዩሳፍዛይንን ክልተ ኣሕዋታን’ያ ኣብቲ ዞባ ዓቢያ። ማላያ ዝዓበየትሉ ዞባ ሰዋት፡ ባህርያዊ ጽባቐን ፍሉይ ቅርጺ መሬትን ዝርከቦ ሰፍራ’ዩ። ናይ ዓዲ እንግሊዝ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ ሓደ እዋን ንምብጻሕ ምስኸደቶ፡ ብባህርያዊ ትዕድልቱ ድሕሪ ምድናቕ፡ ናይ ምብራቕ፡ ስዊዘርላንድ፡ ክትብሎ ሰምያቶ ነይራ።

ማላያ፡ ዝበዝሐ መባእታዊ ትምህርታ ካብ ኣቦኣ’ያ ረኺባቶ። ኣቦኣ፡ ኣብቲ ከባቢ ብዙሕ ጽልዋ ዝነበሮ መምህር፡ ገጣሚን ዋና ሓደ ቤት-ትምህርቲን’ዩ። ማላያ ቡቲ ፈለማ ናይ ቈልዕነት እዋና ዶክተር ክትከውን ሕልሚ ከም ዝነበራ ትዛረብ ነይራ። ኣብቲ ምንቅስቓስ ብምኻድ፡ ጋዜጠኛታት ጋዜጣታትን ቴለቪዥናት ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ መደረ ኣስሚዓ። “ጣሊባን እንታዎት ኰይኖም እዮም ንናይ ትምህርቲ መሰለይን መሰልኩምን ክምንጥሉ ዝኽእሉ?” ዝብል ሕቶ ኸኣ ነቲ ብኣማኢት ዝቑጸር ተኣካቢ ኣቕሪባትሉ። ኣብቲ ግዜ ጣሊባን ንሩባ ሰዋን ተቖጻጺሮሙ ዝነበሩ’ዩ። ዜጋታት ተለቪዥን ከይከታተሉን መዚቃ ከይሰምዑን ክልኩል ነበረ።







ጣሊባን ዘይፍለዩ ከባቢ ምንባር ከቢድ ምኳኑ ዝገንዘበ ዝነበረ ኣቦኣ ግን፡ ምእንቲ ሰላም እቲ ከባቢ ዋጋ ክትከፍል ካብ ቈልዕነታ ይሃንጻ ነበረ። እቶም ክልተ ኣሕዋታ ምስ ደቀሱ ኣብ በይና፡ ትርጉም ሓደ ሓደ ፖለቲካዊ ቃላት እናነገረ ከንቕሓ እውን ብዙሕ ተጋዲሉ። በዚታት ዝኣክል፡ ማላያ ዩሳፍዛይ ገና ኣብ መበል 11 ዓመት ዕድመኣ፡ ብዛዕባ መሰላት ሰብ ክትዛረብ በቒዓ። ኣብ መስከረም 2008፡ ምስ ኣቦኣ ፐሸዋር ናብ ዝበሃል ከተማ

እዚ ጥራይ ከይኣክል ደቀንስትዮ ንደገ ወጺአን ኣስቤዛ ከይሸምታ ከም’ኡ እውን ከይምሃራ፡ ዝኽልክል ኣዋጅ ወጺኡ። እቲ ኹነታት ንኣቦ ማላያ የተሓሳስቦ ነይሩ። ኣብቲ ከባቢ ሓርነት ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ ደቀንስትዮ ድማ ብሕልፊ ክረጋገጽ ዋላ ሞት እንተኾነ ክኸፍል ድሉው ምኳኑ እውን ይዛረብ ነበረ። ጽልዋ ማላያ እምበኣር ካብዚታት ዝቕል’ዩ። ዳየሪታትን ዓንቀጻትን ክትጽሕሕፍ ክትጅምር ኸላ ኸኣ ናይዚ ነጸብራቕ ነይሩ። ‘ካብ 27 ደቀ ክፍሊና፡ 11 ጥራይ ኢና ንመሃር ዘለና። እተን ሰለስተ መሓዛተይ ንቤት-ትምህርቲና ገዲፈናኦ። ዓዲ ኸየማን ቀይረን’ ዝብል ጽሑፍ ኣብ ናይ ፈለማ ዳየሪ ጽሑፋታ ምስ ኣስፈረት፡ ጸኒሓ ኸኣ ‘ ርግጽ’ዩ፡ ሕልመይ ዶክተር ንምኳን ነይሩ፡ ሕጂ ግን ቅድሚ ኣካላዊ ሕማም ክፍወስ ዝግበኦ ናይ ሓርነት ሕማም ስለዘሎ ፖለቲከኛ ክኸውን ወሲነ’ ዝብል ጽሑፍ ኣቐሚጣ።

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ኣቶ መሴ ኣማኒኤል ተኸስተ፡ ብጠዊልቲ ቤትካ ወ/ሮ ምሕረት ዘርኣይ ክፍላይ ብዘዕባ ናይ ሓዳር ክርክር ተኸሲስካ ስለዘለኻ፡ ን27/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ነገርካ ብዘይብኻ ምኻኑ ክፍለጥ።

ኣቶ ፍትዊ ባህታ፡ ጓልና ጸሃይ ፍትዊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ ኣደኣ ወ/ሮ ለተዝጊ ጋይም ወረስታ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

## VACANCY ANNOUNCEMENT

BISHA MINING

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

1. **Bartender (03)**

**Major Duties and responsibilities:-**

- Become familiar and adhere to the project health, safety and environmental regulations/procedures
- To attend safety meetings and other announced staff meetings.
- To maintain full supply of dishes, glasses, mugs, etc.
- To deliver friendly, efficient customer service and to create a warm and welcoming atmosphere to all of our customer.
- To serve and present beverages, quickly and efficiently, meeting hygiene standards
- To assist in keeping the bar and toilets clean and tidy , at all times.
- To keep up to date with current prices and happenings.
- To make customers aware of snack and drink range
- To ensure that customers are satisfied with their beverages.
- To maintain knowledge about beverages and snacks on offer
- To always adhere to all company polices and producers
- To perform any other task when asked by supervisor and superior.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • School leaving certificate and job specific training |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 01 – 03 years' experience as a bartender in a hotel/bar environment. |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | • Demonstrate leadership ability to organize tasks.<br>• Strong knowledge of hygiene and different beverages<br>• Teamwork's is essential |
| **Other skills and abilities** | • Communication skills-English ability for daily communication and reporting.<br>• Able to work independently. |

2. **Cook (02)**

**Major Duties and responsibilities:-**

- Become familiar and adhere to the project health, safety and environmental regulations/procedures.
- To attend safety meetings and other announced staff meetings.
- To be responsible for cooking a wide range dishes, both local and international.
- To measure ingredients requires for specific food items being prepared
- To be able to perform his work independently or as part of a close-knit team.
- To verify that prepared food meets requirements for quality and quantity
- Prepared in advance items that are needed for the following days consumption.
- Keep working area in good sanitary order and rotate both stock and semi-finished goods to achieve the highest quality products.
- To assure and maintain proper and safe use of all kitchen equipment, materials and food products and follow weekly and daily cleaning schedules.( includes cleaning and sanitizing of whole area so that there will be no bacterial problems)
- To assist in keeping all areas of kitchen and dining room clean, swept and washed.
- TO perform any other task when asked by supervisor or superior.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • BSc. Degree ( preferably in Engineering) |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 02 years mine planning experience (preferred). |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | • Demonstrated ability to organize staff and tasks.<br>• Strong planning and time management skills<br>• Teamwork is essential. |
| **Other skills and abilities** | • Required Valid Eritrean driver's License.<br>• Communication skills- English ability for reporting<br>• Proficiency in Microsoft office. Excel and graphing skills are critical<br>• Proficiency / experience in mining planning software, surpac, and whittle would be preferred. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

---

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Brewery Corporation S.C. invites qualified applicants for the following vacant posts:-

**1. TECHNICAL MANAGER**

- Qualification: B.Sc.in Electrical / Mechanical Engineering
- Experience: Minimum 12 Years in a relevant post
- Age: 25- 55 years
- Salary: As per the Brewery's scale

**2 CARWORKSHOP – FORMAN**

- **Qualification**: Diploma in Auto Mechanic from Technical school or relevant school
- Experience: Minimum 8 years in a relevant post.
- Age: 25 - 50 years
- Salary: As per the Brewery's Scale

**3. GENERAL MECHANIC (2)**

- Qualification: Diploma in General Mechanic from Technical school or relevant vocational school
- Experience : 5 years in manufacturing Enterprise
- Age: 25 – 50 years
- Salary: as per the Brewery's Scale

**4. ELECTRICIAN (2)**

- Qualification: Diploma in Electricity from Technical School or relevant vocational school
- Experience: Minimum 5 years in a Manufacturing Enterprise.
- Age: 25 –50 years
- Salary: As per the Brewery's scale

**5. Water Truck Driver (3)**

- Qualification: 10th complete having 4th Grade Driving License
- Experience: Minimum 6 years in a relevant post
- Age: 25 – 55 years
- Salary: as per the Brewery's Scale

**6. Sales Man and Driver (2)**

- Qualification: 12th complete having a 5th Grade Driving License
- Experience: Minimum 6 years in a relevant post
- Age: 25 – 50 years
- Salary: As per the Brewery's scale

**7. Secretary**

- Qualification: Diploma in Secretarial Science
- Experience: Minimum 6 years in relevant post
- Age: 25 – 40 years
- Salary: as per the Brewery's scale

**8.Health Assistant**

- Qualification: Certificate from Ministry of Health
- Experience: Minimum 4 years in relevant post
- Age: 25- 40 years
- Salary: As per the Brewery's scale

Applicants must provide evidence of completion or exemption from National Service. Interested applicants are requested to submit their CV and non returnable photocopies of relevant documents to the Personnel & General Service Office of the Brewery within 10 days from the date of announcement in HADAS ERITREA.

# ምስጋና



ብሞት ኣዚና ነፍቀሮ ኣቦና ኣቶ ኣባይ ተድላ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጎዳይፍ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ካብ ወጻኢ ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና እናመስገና ሓዘንና ንዓኹ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣወጣሽ ዓንደሓነስ
ምስ ደቁን

ብዛንደበታዊ ሕማም ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለየና ክቡር ሓውና ብርሃነ ጎይትኦም ተስፋጼን መሪር ሓዘን እናተሰመዓና፡ ካብታ ዝዓረፈላ ዕለት ክሳብ ሬሳ ዝተፋነወላ ዕለት ኣትሒዝኩም ካብ ጎኑ ከይተፈለኹም ቀረባ ቤተሰብ ፈተውትን የዕርክቱን ተቐማጦ ዓዲ እንግሊዝ ብልቢ እናመስገና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ዓጺና ኣለና።



ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ኣዚና ንፈትዋ ክብርቲ ኣደና ግደይ ሸዋህ ኣሮን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማን ዝተመላለስኩም ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ መካነ መቓብር ሓዝሓዝ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩም ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ረዘነ ኣማኑኤል ገብረሂወት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩሙን ኣብ ምስጋድ ዞባ ማእከል ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ኣሕዋትን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።



በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ መብራት ባርያሚካኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ በራኺ ገብረስላሴ ገደ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዓዲ ናህባይ ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣደና ወ/ሮ ጸጋብርሃን መንገሻ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ፈተውቲ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።



ደቀንን ምሉኣት ስድራቤትን



ብዕረፍቲ ዘፍቅሮን ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ተላ ጸሃየ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና፡ ክሳብ ከረን ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብኣካል እናተመላለስኩምን ከምኡ'ውን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ብፍላይ ክበርቲ ሸወደንን ጅዳን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ገነት ተስፋስላሰ
ኣቡኡ ኣቶ ጸሃየ ካሳን ምሉኣት ስድራቤቱን



ብሞት እንፍቅራ ኣደና ወ/ሮ ለተብርሃን ተወልደ በዓልቲ ቤቶም ንነፍስሄር ኣቶ ጸጋይ ዓንደ ሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምናን ዝተመላለስኩምናን ካብ ኣስመራ ክሳብ ሰምዓስሞ ንኡስ ዞባ ድባሩባ ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ሉቺያ፡ ንግስቲ፡ ዮውሃንስ፡ መኮነን
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

ብሞት ኣዝየ ዘፍቅራ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሰናይት ሃ/ማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ዝቐበርኩምን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምናን ከምኡ'ውን ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብቴሌፎንን ብመልእኽትን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋና ነቕርበልኩም።



በዓል ቤታ ኣቶ ዘርኡ መሓሪ
ምስ ደቅናን ምሉኣት ስድራቤትን



ብሞት ነፍቅራ ኣደና ወ/ሮ ለምለም ተስፋሚካኤል (በዓልቲ ቤቶም ንነፍ/ዘሚካኤል በራኺ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምን ኣብ ቤት መኻእ ክሳብ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ምሉኣት ስድራቤት

ብዛንደበታዊ ሞት ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ንግስቲ ሰለሙን ኣረደ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሸማንጉስ ታሕታይ ዘቃበርኩምና ኣብ ገዛና ብምምልላስ ይኹን ካብ ወጻኢ ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።




ስድራቤት ነፍስሄር ኣልኣዛር ቀሺ ተኪኤ



ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ዳዊት ግደ ቀሺ ሃብቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምን ዝተመላለስኩምን ኣብ ግዜ ቀብሮም ኣብ ጎዳይፍ ሓመድ ኣዳም ዘለበስኩም ኩቡራት ቤተ-ክህነት ቤተሰብን ፈተውትን ካብ ርሑቕን ቀረባን ብቴሌፎን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ብትሕትና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ምሕረት ተስፋስላሴ
ምስ ደቆምን ምሉኣት ስድራቤትን

ብሞት ኣዝየ ዘፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ተስፋይ ምሕጹን ጆሚል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ሆስፒታል ይኹን ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምናን ኣብ ዓረዛ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ቴሌፎን ብምድዋል ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።



በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣልጋንሽ ከበደ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



ብሞት እንፍቅሮ ኣቦና ተስፋንድርያስ ተላ ሃብተጽዮን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ሕምብርቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል፡ ዘጸናናዕኩምናን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣበባ መሓሪ ጊላይን
ምስ ደቆምን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

# ካብ ዝባ ትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ህቡባት ቅብኣታት ዓለም

1. ሞናሊዛ - ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ
2. ኮኾባዊ ምሸት - ቪንሰንት ቫን ጎግ
3. እታ ናይ መወዳእታ ድራር (The last Supper) - ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ
4. ፍጥረት ዘርኢ ኣዳም ( The creation of adam)- ሚካኤል ኣንጀሎ
5. ገዩርኒች ( Guernic) - ፓብሎ ፒካሶ
6. በጸልቲ ሉል ከትሻ ጎርዞ - ጆሃንስ ቨርሚን
7. ጭደራ (The Scream) - ኤድቫርድ ሙንክ

## ትርጉም ቃላት ትግርኛ

- በሃም - ሃላይ፡ ዓዋን፡ ደንቆሮ፡ ዓባስ ወይ ዘየስተውዕል
- ባርናስ - ኣብ ልዕሊ ክዳን ዝልበስ እተፈላለየ ሕልመ ዘለዎ ወለል ዝብል ናይ ክብሪ ኽዳን
- ቀረንጮ - ቀራጽ ናይ ዝኣረገ ቀርበት፡ ዋጋ ዘይብሉ ቁራጽ ኣጎዛ
- ቀላዕ - ዕድመ ምውላድ ከይኣኸለ እተወልደ
- ሰቆላ - ኣብ ልዕሊ ህድሞ እተሰርሐ ኣጉዶ
- ጸምብያ - ንማእዶ ወይ ንመመሸጊ ዝኸውን ዓይነት ሳዕሪ
- ኣጎሮማ - ወዲ ሓብቲ

## ኣዕዋፍ ብኸመይ ኣንፈተን ይፈልጣ?

ደቂሰባት እንኽጓዓዙ ኣንፈት ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ መንገድታት ንጥቀም ኢና። ንቦታት ኣብ ዝጠዝሑ ከባቢታትን ናይ ዱር ቦታታትን መሐበሪ ካርታ ንጥቀም። ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣብ እንጓዓዘሉ እዋን ድማ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ናይ ጽርግያ ምልክታትን ካልኦት መሐበሪ ዝኾኑ ገለጽቲ ነገራትን ንምርኮስ፡ ኣንፈትና ኣብ እንስሕተሉ ግዜ'ውን ኮምፓስ ወይ ብሶላ ንጥቀም። ሳሕቲ እዋን ድማ ኣንፈት ጸሓይ ብምዕዛብ ዝጠፍኣ ኣንፈትና ነመዓራሪ። ኣዕዋፍከ?

ኣዕዋፍ እውን ልክዕ ከም ደቂሰብ ኣንፈተን ንምሕላው ዝሕግዘን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋን ዝጥቀማሉ ብርክት ዝበሉ ናይ ገዛ መሐበሪ መንገድታት ኣለወን። መብዛሕትኦን ዘመርቲ ኣዕዋፍ (song birds) ኣብ ግዜ ለይቲ'የን ዝንቀሳቐሳ። ከም ኣንፈት መሕበሪ ድማ ንኾኾብ ሰሜን (north star) ይጥቀማ። ብርክት ዝበላ ካልኦት ኣዕዋፍ ንዕራብ ጸሓይ (setting sun) ከም መበገሲ ኣንፈት ይወስደኦ። ኣብ ግዜ ቀትሪ ዝጎዓዛ ኣዕዋፍ እውን ንኣንፈት ጸሓይ ከም መወከሲ ይጥቀማሉ።

ብዘይካ'ዚ ልክዕ ከም ደቂ ሰብ ኣዕዋፍ'ውን ከም ኣፍላጋት፡ ጎማዩ ባሕሪን እምባታትን ዝኣመሰሉ ባህርያውያን ምልክታት ከም ኣንፈት መሐበሪ ይግልገላ እየን። ከምቲ ደቂ ሰብ ንከባቢኦም ኀሪቤቶም ብደቂቕ ዝፈልጥዎ፡ ኣዕዋፍ'ውን ንጠበያትን ትሕዝቶን ከባቢታተን ብዝያዳ የጽንዓን የለልያን እየን። ሓንቲ ካብ ቦታኣ ዝተንቀሳቐሰት ዑፍ ናብ ቦታኣ ክትምለስ ከላ ክሳብ ተለልዩ ምልክት እትረኽብ ትኽ ዝበለ ቀጥታዊ መስመር ሒዛ ኣይትኸይድን'ያ።



ጥውይዋይ ዝኾነ መስመር (spiral path) ሒዛ'ያ እትጓዓዝ። ኣብ ልዕሊ ኣንፈት ናይ ምፍላጥን ምጽናዕን ዓቕሚ ኣዕዋፍ ኣትኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝገልጾ ገለ ወሓሉት ኣዕዋፍ ናይ ምሸት ሰምዒት ህዋስን ብምጥቃም ኣንፈተን ክፈልጣን ከለልያን ይኽእላ።

## ጥቕስታትን ብሂላትን

- ከይትመውት ዘይተኻእለ ምንባር ዘይጀመርካ ከይትኸውን'ዩ ዝያዳ ክሻቕለካ ዝግባእ።
- ነገራት ብርቱዓት ዝኾኑ ትብዕት ምስ እንስእን እዩም።
- ዓለም ክቕይር ዝኽእል ዝዓበየ መሳርሒ ትምህርቲ'ዩ።
- ብዘይብልካ ነገር ምጭናቕ ንዘለካ ምጥፋእ'ዩ።
- እቲ ዝሓየለ ሰብ እቲ ንብይኑ ደው ክብል ዝኽእል'ዩ።

## ኮካን ኮላን

ኮካ ኮላ ሓደ ካብ ዝውቱራት ልስሉስ መስተ እዩ። እዚ ዓለምለኻዊ ተጠቃሚት ዘለዎ ዓይነት መስተ ካብ ዝተፈላለዩ ኣታኽልቲ ብዝተመስርሑ ጥረ ነገራት ተወሲዱ ዝዳለወ እዩ። ኣብ መስርሕ ኮካ ኮላ እቶም ቀንዲ ትሕዝቶታት ዝኾኑ ኮካን ኮላን ዝተባህሉ ዓይነት ኣትክልትታት እዮም።

ኮካ ኣብ ኣህጉር ደቡብ ኣሜሪካ ብብዝሒ ንዝርከቡ ዓይነት ቆጥቋጥ ዝተውሃበ ስም እዩ። ብተቐማጦ እዚ ኣህጉር ብሓፈሻ ብተቐማጦ ሃገራት ፔሩን ቦሊቭያን ድማ ብፍላይ ኣቑጽልቶም ከም መነቓቕሒ ክጥቀሙሉ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ'ዩ። እዞም ተቐማጦ እዚ ናይ ኮኬይንን ካልኦት ኣነቓቓሕቲ ባእታታትን ዝርከቦ ኣቑጽልቲ ኮካ ኣንቂጾም ምስ ካልእ ነገራት ከም ጥሑን ፅንጨይትን ካልእን ሓዊሶም ብምሕያኽ ኣእምሮኦም የነቓቕሑ እዮም። ገረብ ኮካ ካብ 1 ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቁመት ክህልዎ ከሎ ትኽ ዝበለን ምስ ቆጽሊ ሻሂ ዝመሳሰሉ ኣቑጽልቲ ኣለዎ። ኣብ ኣቑጽልቲ ኮካ ዝርከብ መጠን ኮኬይን ኣዝዩ ውሑድ ኮይኑ ዓቐን ትሕዝቶኡ ካብ 0.25 ሚእታዊት ክሳብ 0.77 ሚእታዊት ኣብሉ ይኸውን። ህላወ ኮካ ኣብ ፍርያት ልስሉስ መስተ ኮካ ኮላ ካብ 1885 ዝፈለመ ኮይኑ ኮኬይን ካብ ቆጽሊ ኮካ ፈጺምካ ኣሊኻ ካብ ኮኬይን ነጻ ዝኾነ ፍርያት ኮካ ኮላ ምቕራብ ግን ካብ 1929 እዩ ጀሚሩ። ህላወ ኮኬይን ካብ ቆጽሊ ኮካ ንምእላይ ዝተፈላለዩ ኬሚካላውያን መንገድታት ዝሓትት መስርሕ ድማ ይካየድ።

ኮላ ዝብል ስም ኣብ ትሮፒካዊ ከባቢታት ምዕራብ ኣፍሪቃ ካልኦት ትሮፒካዊ ከባቢታት ዓለም ንዝበቁሉ ብርክት ዝበሉ ወትሩ ሓምላይ ዝኾኑ ኣግራብ ብሓፈሻ ዝተውሃበ መጸውዒ እዩ። እዞም ኣግራብ እዚኦም ቀንዲ መለለዩኦም እቲ ዘለዎም ፍረ - ካዕካዕ (nuts) እዩ። እዚ ፍረ ገረብ ኮላ ብትሕዝቶ ቀመም ካፌይን ሃብታም ብምዃኑ ድማ ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ። ብዘይካ ኣብ ፍርያት ልስሉስ መስተ ኮካ ካላ፡ ፍረ ገረብ ኮላ ኣብቲ ዝፈርየሉ ትሮፒካዊ ከባቢታት ንናይ መትንታት ሽግር ንምፍታሕ ይጥቀሙሉ እዮም። ብፍላይ ድማ ኣብ ትሮፒካዊ ከባቢታት ኣፍሪቃ ንሕማማት ውጽኣት፡ ሕማም ከስዐ ሕማም ቀጢን መዓንጣን ካልእን ዝኸውን ባህላዊ መድሃኒት የዳልዉን ብእኡ ይፍወሱን እዮም።

## ምስ ምንታይ ይቑጸር

እዛ ኣብ ስእሊ ትዕዘብዋ ዘለኹም ሓርማዝ ካብቲ ኣብ ከባቢ ርእሰ ከተማ ታይላንድ - ባንኮክ ዝርከብ ሓደ ሕዙእ ስፍራ ትነብር ኮይና ብሃንደበት ካብቲ ስፍራ ናብ ደረት ጽርግያ ብምውጻእ'ያ ኣብ ልዕሊ መኪይን ሓደጋ ኣውሪዳ። እዛ ካብ "ያኦ ካኦ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሃገራዊ ሕዙእቲ ታይላንድ ዝወጸት ሓርማዝ ናብ ጽርግያ ብምእታው ኣብ ዝሓልፋ መካይን ዓጊታ ደው ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ'ዛ ኣብ ስእሊ ዘላ መኪና ሓኺራ። ኣብ ውሽጢ'ታ ማርቸደስ ዝዓይነታ መኪና ክልተ ሕጹያት ዝነብሩ ኮይኖም፡ ነገር ዕድል ኮይኑ ግን ክልቲኦም ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት ተኻኢሎም። ኣብ ታይላንድ ተመሳሳሊ ተርእዮ ዝኸሰት ኮይኑ፡ ሓንቲ ሓርማዝ'ውን ናብ ሓደ ቤት መግቢ ብሃንደበት ብምእታው ዕግርግር ምፍጣራ እቲ ሓብሬታ ወሲኹ ይገልጽ።






# ደቓንስትዮን ክንክን ጥዕና ኣፍን

ደቓንስትዮ፡ ኣብ ምክንኻን ኣስናንን ግርጻንን ልዕሊ ደቂተባዕትዮ ተገዳስነትን ጻዕርን ከምዝርኢያ እዩ ዝንገር። ብዙሓት ተመራመርቲ'ውን እዚ ሓቂ ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጸሞ እዮም። ግና ብዙሓት ሓደሽቲ መጽናዕትታት'ውን ብዛዕባ ጥዕና ኣፍን ግርጻንን ገና ክንመሃሮ ዘለና ብዙሕ ነገራት ከምዘሎ'የም ዝሕብሩና።

ከም ደቓንስትዮ መጠን ሆርሞናትና ንጥዕና ኣፍና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት ህይወትና ብዙሕ እየም ዝጸልዉና። ግዜያት ብጽሕና፡ ወርሓዊ ጽግያት፡ ጥንሰን ንጽፈ ጽግያትን ኩሎም ጽልዋ ኣለዎም። ሓደሽቲ መጽናዕቲ ከምዘረጋገጾዎ ደማ፡ 23% ካብተን ኣብ ክሊ ዕድመ 30-54 ዝርከባ ደቓንስትዮ፡ ብሕማም ግርጻን ከምዝሳቐያ እዩ። ኣብ ዓበይቲ ደማ እቲ ቁጽሪ ናብ 44% ይድይብ።

ደቓንስትዮ እናዓበያ ክኸዳ እንከለዋ እቲ ኣብ ኣካላተን ዝርከብ ካልሲየም ዝተባህለ ማዕድን እናውሓደ ስለዝኸይድ እዚ ጥዕና ኣፍ ደቓንስትዮ ተወሳኺ ኑዱዲ'ዩ ዝኾኖ። ሮበርት ጀንኮ ዝተባህለ ፕሮፌሰር ኣፋዊ ባዮሎጂ ኣብ ኒው ዮርክ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ሲ መድሃኒት፡ ደቓንስትዮ ልዕሊ 50 ዓመት ዝኾና ደቓንስትዮ ብፍላይ ካልሲየም ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ዘይወስዳ እንተድኣ ኮይነን ብናይ ዓጽሚ ጉድኣት ከምዝሳቐያ ይሕብር። ንሱ ቀጺሉ እዚ ናይ ዓጽሚ ጉድኣት ኑቲ ኣብ ከባቢ ኣስናን ዝርከብ ኣዕጽምቲ'ውን ስለዝጸልዎም ንጥዕና ኣፍ ደቓንስትዮ ዝያዳ ተኣፋፊ ይገብሮ ይብል።

ኣብ ግዜ ብጽሕና ምስ ምውሳኽ ዓቐን ሆርሞናት፡ ንምብዛሕ ደም ኣብ ግርጻን



የስዕበ'ሞ ንጥዕና ኣፍ እታ ብጽሕቲ ጓለንስተይቲ ብኣሉታ ይጸልዎ። እዚ ድማ እቶም እትወስዶም መግቢ ቃንዛ ከስዕቡላን ተኣፋፊ ክኾውንን ይገብር። ኣብ እዋን ጽግያት፡ መከላኸሊ ኣብ እትጥቀም ጓለንስተይትን ግዜያት ጥንሰን'ውን ተመሳሳሊ ጸገማት የጓንፋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግርጻን ይሓብጥን ብቐሊሉ ይደምን።

ዝተፈላለዩ ሱብ ሞያ ጥዕና ሕማም ግርጻን ምስ ዝተፈላለዩ ካልኦት ጥዕናዊ ጸገማት ከም ምኽንያት፡ ሕማም ሽኮር፡ ሕማም ልብን ወቕዕ ልብን ዝኣመሰሉ ከምዝተኣሳሰር'የም ዘጠንቅቑ።

ደቓንስትዮ ብተደጋጋሚ 'ብኻንክር' ዝበሃል ቁስሊ ከምዝጥቃዓ እዩ ዝንገር። እዚ ድማ ብሰንኪ ሆርሞናታ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ወጥሪ ዝረአ ተርእዮ እዩ። እዚ ቁስሊ'ዚ ንብዙሓት ደቓንስትዮ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያተን ዝረአ'ኳ እንተኾነ ብኣንጻሩ ግና ኣብ ግዜ ጥንሲ ይጎድል።

ምሕባጥ ምራቓዊ ጽኸታት ናብ ብጅግረንስ ሲንድሮም ዝፍለጥ (ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ነቶም ምራቕ ዝሰርሑ ዋህዮታት ከጥቅዑ እንከለዉ) ሕማም'ዩ ዘቃልዕ። እዙም ካብ ረኽሲታት ዝከላኸሉ ምራቓት እንተደኣጠፊኦም ድማ ናብ ሕማም ግርጻንን ኻንኳታትን የቃልዑኺ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ከም ተወሳኺ ምድራቕ ኣፍ ድማ፡ ምድራቕ ዓይኒ፡ ሬሕን ሕዱር ድኻምን የኸትል።

ዝኾነ ረኽሲ ንረኽሲ ግርጻን ወሲኽካ ቅድምን ድሕርን ጥንሲ ኪጋጥም ይኽእል'ዩ። ኣብ ኣውስትራልያ ዝተገብረ ሓደሽ መጽናዕቲ ግና እተን ሕማም ግርጻን ዘለወን ካብተን ዘይብለን ክልተ ወርሒ ድሒረን ድቂ ከምዝሕዛ ኣረጋጊጹም። ካልእ መጽናዕትታት ከምዝሓብርዎ'ውን ሕማም ግርጻን ዘለወን ኑብጾራት ደቓንስትዮ ካብተን ዘይብለን ንላዕሊ ቅድመ-እዋንን ትሕቲ ሚዛንን ቈልዑ ከምዝወልዳ እዩ። ብተወሳኺ ደቓንስትዮ ኣብ ግዜ ጥንሲ ብዙሕ ካልሲየም ስለዝጥፍኣ'ውን ናብዚ ሕማም ግርጻን ንኽቃልዓ እዩ ድርኺት ዝኾውን።

ድሕሪ ወርሓዊ ጽግያት ደው ምባሉ(ንጽፈ-ጽግያት) ዝረአ ምቅይያር ሆርሞናት'ውን ምስ ምልክታት ምድራቕ ኣፍ፡ ረሲ'ውን ክተኣሳሰር ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ግርጻን ደቓንስትዮ ጸምሊውን ኣንጸባራቕን ክኸውን ይኽእል። ብተወሳኺ ብቐሊሉ ዝደሚ ብምኻኑ ንዝተፈላለዩ ረኽሲታት ክፉት ይኸውን።

እሞ እዚ ካብ ኮነ እቲ ሓቂ እዚ ሕማም'ዚ ብኸመይ ንከላኸሎ? ኑብሰጾር እንተደኣ ኴንኪ፡ እትወስድዮም መግብታት ቫይታሚናት፡ ፕሮቲናትን ካልሲየምን ትሕዝቶ ዘለዎም ምዃኖም ኣረጋግጺ። ልዕሊ 50 ዓመት እንተደኣኬንኪ ድማ ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ቀሪብኪ መርመራ ክትገብሪ ጥራይ'ዩ ዘለኪ።

ብዘይካዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ነፍሲ ወከፍ ጓለንስተይቲ ጥዕና ኣፋ ክትሕሉ ክትክተሎም ዝግብኣ ነጥብታት ኣለዉ፡

- ኣብ መዓልቲ እንተውሓደ ክልተ ግዜ ብራሽን ፍሎሪድ ዝትሕዝዩኡ መጽረዩ ሲ ጌራ ኣስናና ከተጽሪ፡
- ዝተመጣጠነ መግቢ ክትወስድ፡
- ብተደጋጋሚ ናብ ሕክምና ሲ ከይዳ መርመራ ክትገብር፡

እየም። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ድማ፡ ምትካኽን ማስተን ንጥዕና ኣፍኪ ሳዕቤን ክኸው ከምዝኽእሉ'ዩ።

ንምጥቕላል እምብኣር፡ ዝኾነ ምልክት ሕማም ግርጻን ኣብ እትርእየሉ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ቀሪብኪ መርመራ ክትገብሪ ከኣሊ። ጽቡቕ ጥዕና ናይ ኣፍ ምህላው እቲ ረቡሓ ንኣፍኪ ጥራይ ዘይተሓጸ ብሕማም ሽኮርን ልብን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኺ ኣጉዚ ከምዝትሕቶ'ውን ክትገዘብሪ ይግባእ። ብዛዕባ ጠንቅን ሳዕቤናትን ጥዕና ኣፍ ደቓንስትዮ ምፍላጥ'ውን ሓደ ስጉምቲ ንምክልኻሉ እዩ'ሞ ክትፈልጥዮን ፈሊጥኪ ክትተናኸኽዮን ጸዓሪ።

ሙተመይዛ

# ደራሲትን ገጣሚትን ሄርታ ሙለር

ካብ መጀመርያ 90ታት ኣትሒዛ እያ ኣብ ዓለም ህብቡቲ ደራሲት ምኳና ክትፍለጥ ጀሚራ። ስራሓታ ድማ ብኣሰታት ልዕሊ 20 ቋንቋታት ተተርጉሞም። ብ1994 ሽልማት ክለይስት( Kleist Prize) ብ1995 ሽልማት ኣሪያስተዮን (Aristeion Prize)፡ ኣብ 1998 ብሽልማት ዓለምለኻዊ ኢምፓክ ሽልማት ስነ-ጽሑፍ ዱብሊን (International IMPAC Dublin Literary Award)፡ ኣብ 2009 ብሽልማት ፍራንዝ ወርፈል (Franz Werfel Human Rights Award)፡ ከምኡ'ውን ብጥቕሚቲ 2009 ብስነጽሑፍ ናይ ኖበል ሽልማት ዘጠቓለሉ ልዕሊ 20 ሽልማታት ተቐቢላ - ደራሲት፡ ገጣሚትን ጹሓፊትን ሄርታ ሙለር።

ሄርታ ሙለር ኣብ 1953 ኣብ ኒቺደርፍ ጀርመን ተወሊዳ። እዛ ማብቆል ጀርመን ዘለዋ ሮማንያዊት ደራሲት፡ ገጣሚትን ጹሓፊትን ሙለር፡ ስራሓታ ንኸፊእ፡ ጭቆናን ግብረ-ሽብራን ዝገልጹ እዮም። ብፍላይ ድማ ኑታ ማብቆል ዓዳ ዝኾነት ዴሳዊት ሩመንያ። ዳርጋ ሙብዝሕቶም ስራሓታ ድማ፡ ንቶም ወኻሎት ናይ ጀርመን ማብቆል ዘለዎም ሩመናውያን ጠመተ ዝገበረ ኮይኑ፡ እታ "እቲ ኩሉ ዘውንኖ፡ ተሰኪመዮ ኣለኹ" (Everything I Possess I Carry With Me ) ንሽልማት ኖበል ዘብቃዓታ ጽሕፍታ'ውን ንጥርዚያ ግዱድ ስራሕ እዞም ወኻሎት ጀርመናውያን ሩማንያውያን ናብ ሶቬት እትገልጽ ነይራ።

ሙለር ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድመኣ ብዘይካ ናይ ስዋሱው(ብሮማንያ) ትምህርቲ ክሳዕ ትምህርታ ትዛዝም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቲሚሶራ ብቋንቋ ጀርመን ተማሂራ። ኣብ 1976 ትምህርታ ዛዚማ ምስ ተመረቐት ድማ ኣብ ሓደ ናይ ምህንድስና ትካል ከም ኣስተርጓሚት ኮይና ትሰርሕ ነበረት። ይኹን'ምበር ኣብ 1979 በቲ ምስጢራዊ ፖሊስ ናይ ስርዓት ደሴኒት ክትተሓበር ተላቲታ ምስ ነጸገቶ ካብ ስራሕ ተሰጎት። ብድሕሪዚ ኣብ ሓደ ናይ ቅድሚ-ትምህርቲ(መዋእለ-ህጻናት) ከም መምህር ኮይና እናመሃረት፡ ብተወሳኺ'ውን ከም መምህር ቋንቋ ጀርመን ብውልቃ እናሰረሐት ናብራኣ ክትመርሕ ጀመረት።

እታ ናዲርስ (Nadirs) እትብል ቀዳምየቲ መጽሓፋ ኣብ 1982 ብቋንቋ ጀርመን ተጻሒፋ ኣብ ሩመንያ ተሓቲሙ። ብዛዕባ ርእየት ሓደ ቈልዓ ብዛዕባ ዓናት ዝበሃል ባህሊ ጀርመን እትገልጽ ድማ'ያ ነይራ።

ሙለር እብ 1985 ናብ ምዕራብ ጀርመን ክትግዕዝ ተኸልኪላ'ኳ እንተነበረት፡ ኣብ 1987 ግን ተፈቒዱላ፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዛ ክሳዕ ሕጂ ምስ በዓልቤታ ደራሲ ሪቻርድ ዋግነር ኣብ ምዕራብ በርሊን ትቕመጥ ኣላ። ኣብ ዝሰዓቡ ዓመታት ድማ ኣብ ዩኒቨርሲታት ጀርመንን ወጻእን ብዘተገዝበረላ ዕድመ ማሰርት ዝተፈላለዩ ኣስተምህሮታት ትህብ ነበረት። ዝተፈላለዩ ድርሰታትን ግጥምታትን ድማ ጹሓፈት።

ኣብ 2009 ድማ እታ "እቲ ኩሉ ዘውንኖ፡ ተሰኪመዮ ኣለኹ" (Everything I Possess I Carry With Me ) እትብል ድርሰታ ብጀርመናዊ ናይ መጽሓፍ ሽልማት ተሓጺያ'ኳ እንተነበረት ኣይተዓወተትን። እንተኾነ ግን ኣብቲ ዓመት'ቲ ብሽልማት ፍራንዝ ወርፈል (Franz Werfel Human Rights Award)፡ ተሸሊማ። ኣብዛ መጽሓፍ፡ ንገዕዞ ሓደ ንእሹቶ ሰብኣይ፡ ንጽሕፍቶ ህዝቢ ጀርመን ወኪሉ ኣብ ትራንሲልቫንያ ኣብ ግዜ ካልኣይ ውግእ ዓለም ናብ ጉላግ ሕብረት ሶቬት ዘሕለፎ'ያ እትገልጽ ነይራ። ብተሞኩሮ ሓንቲ ኦስካር ፓስቲየር ዝተባህለት ገጣሚት ተደሪኻ ድማ'ያ ጽሒፋታ።

ሙለር ስረሓታ ኣዝዮም ብሉጻት ከም ዝኾኑ ብዙሓት ሰባት መስከርሙላ'የም። ደኒስ ቸክ ዝተባህለ ነቓፌ ናብ በርሊን ገዚኣ በጺሑ ንስረሓታ ክዕዙብ እንከሎ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተመዛዚ ናይ ጣውላ ካብ ጋዜጣ ዝተቐርጸ ንጽሳት ደብዳበ ረኣየ። ሙለር ድርሰታዊ ጽሑፋታ ካብ ነፍሲ ወከፍ ደብዳብታት ዝኣከቡ ምዃናም ምስ ተረደአ ድማ፡ "ናይ ብሓቂ ኣብ ናይ ቤት ዕዮ ሓቀኛ ገጣሚት ከምዝኣተኹ ተረዲኤ" ክብል'ዩ ገሊጹዋ።

ኣብ 2009 ናይ ስዊዲን ኣካዳሚ ናይ ስነጽሑፍ ሽልማት ኖበል ንሙለር ክሀባ እንከሎ፡ "እታ ኣደ ሓፊስ ግጥሚ፡ ኣደ ቅንዕ ዝርዝር ንጉቡ፡ ንዘጠፍአ ገጽ ምድሪ ገሊሃ ዘርኣየት" ክብል እዩ ገሊጹዋ። እቲ ኣፈኛ ናይቲ ትካል፡ ንቅዲ ስረሓት ሙለር ምስ ወሩይ ደራሲን ገጣምን ፍራንዝ ካፍካ ብምውድዳር ድማ ጽልዋኡ ከምዘለዋ ገሊጹ። እቲ ሽልማት ኖበል ዝተቐበለትሉ እዋን ድማ፡



ሕብረት ሶቬት ዝፈረሰሉ ማዕል 20 ዓመት ጸምብል ዝተዳደሉ ኢጋጣሚ'ውን ብምንባሩ ንሙለር ድርብ ሓጎስ'ዩ ነይሩ።

ሙለር ንስረሓታ ዝጸለዉዋ ሰባት ይኹኑ መጻሕፍቲ ብወግዒ'ኳ እንተዘይገለጸት፡ መሰረት ስረሓት ዝኾኑ ብዙሓት ጽልዋታት ግን ነይሮማ እየም። እቶም ቀንዲ ድማ ዝተማህረትሉም ዩኒቨርሲታት ክኾኑ እንከለዉ እቲ ካልኣይ ድማ በዓል ቤታ ደራሲ ሪቻርድ ዋግነር እዩ። ክልቲኦም ብሓንሳብ ዝጸበዩን ዝተማህሩን ንነዊሕ ዓመታት ብሓንሳእ ዝሰርሑን ጹሓፍትን ገጠምትን እየም።

ሙለር ኣባል ናይቲ ብ(Aktionsgruppe Banat) ዝፍለጥ ዝነበረ ምስቶም ወኻሎት ኣህዛብ ጀርመናውያን ሮማናውያን ዝደናገጹ ተቓዋሚ ምንባራ'ውን ዝጠዘሉ ስረሓታ ኣብ ኾጹን ጭቆናን ክኾኑ ደሪኽዋ'ዩ። ስረሓታ መብዝሕትኡ ግዜ ልቢ ወለዳውያን'ኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ናይቶም ኣህዛብን ተሞኩሮኦምን ዝምርኮሱ እዩ። ሙለር ካብ ልዕሊ 25 መጻሕፍቲ ዝጹሓፈትን ንልዕሊ ዕስራ ዝተፈላለዩ ሽልማታት ዝተቐዐትን ሓያል ጓለንስተይቲ'ያ።

# Conscious Kids Circle

ዓንኬል ንቑሓት ህጻናት


...Technology.Education.Art.Culture.Humanity.Enlightenment.Renaissance...

## Reflection

Teklehaimanot Yemane

# Who is Conscious?

*To tell about who is Conscious is a bit complex. I can't bring it into such simplicity that a mature kid or a youth can understand it easily. Who is conscious? It is the most difficult question to answer. Consciousness is the most difficult terminology to define. Likewise the question 'Who is Conscious?' Last time when I saw a little kid writing about his childhood consciousness, I was far more surprised. His name is Natan Solomon. Natan, nine years old little kid is now in grade five. In his letter to 'CKC Bravo Award' competition, he confidently wrote a poem entitled, 'My Conscious Childhood.' It is really shocking. I am sure if we have nine years old kids who can narrate about their conscious childhood, we could be truly super society. Life would have been super attractive, beautiful and comfortable. But this is not true. Natan cannot narrate about his conscious childhood at this age. His elder brothers or sisters might have written the poem for him. We proved this when we noticed he cannot even read a single line from the poem. But concerning the potential of human being, this is possible. Yet, not achieved.*



*When someone says, 'I Am Conscious,' it means he/she is conscious only about saying such a phrase or he/she is repeating it. To be conscious is a far distance to go! Believe me 'to be conscious' is a lifelong adventure.*

*By understanding the true meaning of 'to be conscious,' we can say "We are conscious", "They are conscious", "You are conscious", 'I am conscious" or "He is conscious", "She is conscious" and the like? However, to be conscious is not as near as we may think. May be if we are not conscious of our consciousness, we may simply say such phrases?*

*Before few years, 'to be conscious' or a subject of research about it was forbidden by scientists – only because it is complex to understand. But now it has become a significant topic of research in psychology and neuroscience. So when a kid says, 'I Am Conscious' or tries to tell us about his 'Conscious Childhood' we must accept him as a future researcher of 'to be conscious'. To be conscious is to be aware of the outer world (the environment) and the inner world (ourselves) – smartly and wisely.*
*As Max Velmans and Susan Schneider wrote in 'The Blackwell Companion to Consciousness': "Anything that we are aware of at a given moment forms part of our consciousness, making conscious experience at once the most familiar and most mysterious aspect of our lives.*

*John Locke, in his Essay Concerning Human Understanding, defined consciousness as "the perception of what passes in a man's own mind." Then, the question, 'Who is Conscious?' Has an answer like this. 'The one with the best perception of what comes to their mind is the most conscious.' When someone says, 'I am conscious' he/she is talking about the level of perception they have – but in reality they are not conscious. As this is difficult to measure, we still leave it as it is. 'Who is conscious?' has not direct and precise answer. To be conscious is a continuous process and it is unreachable destination.*

## I am Impressed




[Wednesday, January 28, 2015 7:57:36 ]

*For the last seven days I was not able to meet my Midnight Diary. I was into setting up a huge programme. I had to work the whole day didn't had much energy to wake up at the middle of the night. Yet, I remain courageous by the impression and appreciations I get from our readers. Following are some of CKC Impressions.*

*"Hi Dear Mr TK! This is Awet. I have always been a reader of this programme and now I really want to appreciate and congratulate you for what you have done. Isn't it a heart-filling delight to hear that an enlightenment programme has prospered! Bravo!... And it's on the heart of everybody that the artistic works by the contestants will soon be released!"*
*_Awet: 26/01/2015 01:34:36 PM*

*"Hi Tekila good Evening? I saw the Yesterday's newspaper and I just wanted to say thank you. Hope we will meet up next week. Good night."*
*_Minnas Tekeste: 24/01/2015 09:24 PM*

*"Hi, Tekila. It's me, Ariam. I just wanted to know how you find my story. And would like to share ideas on how to write better next time."*
*_Ariam:18/01/2015 09:55:54 AM*

*"Hi Mr. Tekle. I am one of the regular readers of Eritrean Newspaper. But Friday's wasn't one of my best. You made it to be the best so please keep it up."*
*_FK, from May Edaga: 08/01/2015 11:59:24 AM*

*"Hi! My name is Amir. I appreciate you programe."*
*_Amir: 12/01/2015 01:18:42 PM*

*"Hi Tekila? I am a teacher from Radyo Marinayo. I really appreciate your programme. It is so fan and huge. So keep it up."*
*_Semere: 12/12/2014 12:37:11 PM*

*"Hi Tekila, my name is Makda. I am one of the many CKC followers. I love kids very much and I am interested in doing something special for them. I really admire your presence. It is wonderful. I just want write a true story of mine. I may help the kids learn something important in their life."*
*_Makda: 12/12/2014 09:53:14 AM*

*"I just bought today's newspaper and guess which article I am reading first, yours! I like it a lot. I like it a lot. I like its wide range inclusive topics, no limits. Keep it up man, long live CKC-"*
*_CKC fan: 12/12/2014 07:39:05 AM*

## Short Story

# The Old Friends Meet Again *part I*

*In this little story Doctor is represented as Dr. and Engineer as Eng. Old friends, Dr. E and Eng. T celebrated their wedding together. It is a fantastic story. Enjoy it.*




*It was a delightful day. One Saturday, about the end of January, around 11:30 in the morning, Dr. E and Eng. T met at the Green Island Hotel. Eng. T with his companions arrived late to the hotel. And Dr. E along with his companions has arrived one hour before.*
*Before Eng. T arrived, they were speaking on the phone.*
*"Hello, Eng. T! Are you coming by the way? You are a little bit late."*
*"Of course, I am coming. I am almost there."*
*"Okay, we are waiting for you. And the place looks great."*

*After one hour, they met. There were more than hundred people to accompany (to go along with) them. Eng. T went directly to meet Dr. E.*
*"Congratulation Dr. E, this is a big success in life."*
*"Thank you and Congratulation you too."*

*It was their wedding day. And they met at the Green Island Hotel to take photos together. They want to take photos as a remembrance of their friendship. They are old friends starting from the old times.*

***

# ስፖርት

ተስፋኣለም ገብረየሃንስ (ኩባ)

# ዋንጫ ኣፍሪቃ

## ኣይቮሪኮስት ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፉ ካሜሩን ተሰሊፉ



ኣብቲ ጉጅለ መ ብቐደም ትማሊ ረቡዕ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ናይ ምድብ ግጥሚትን ኣሰላሰለን። ኣይቮሪኮስት ኣንጻር ካሜሩን ገጢመን ኣይቮሪኮስት ማክስ ግራደል ካብ ከባቢ 25 ሜትሮ ቀለው ብዘመዝገቦ ጎል 1-ብ0 ተዓዊታ። በዚ ድማ ኣይቮሪኮስት ሓሙሽተ ነጥቢ ብምውሃል ቀዳመይቲ ኮይና ናብ ግጥሚት ኣውዲቐካ ምሕላፍ በጺሓ። ኣብዚ ምድብ'ዚ ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ ሓሙሽተ ግጥሚት፡ ኩሎም ብማዕረ እያም ተዛዚሞም። እዚ ኣይቮሪኮስት ኣብ ልዕሊ ካሜሩን ዘመዝገበቶ ዓወት ከኣ ፋልማይ ናይቲ ምድብ ዓወት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ዝኸፍአ ወጽኢት ካሜሩን ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዘመዝገበትሉ ተባሂሉ ኣብ ዝገለጹሉ ዘሎ፣ ብኣንጻሩ ኣይቮሪኮስት ንሻድሻይ ተኸታታሊ ግዜኣ ናብ መድረኽ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ዝሰገረትሉ ኮይኑ ኣሎ።

ካልኣይ ጸወታ ናይቲ ምሽት ኣብቲ እዚ ምድብ ዝኾና ማሊን ጊኒን ዝተኻየደ እዩ ኔሩ፡ እዘን ጋንታት 1-ብ1 እየን ተፈላልየን። ኬቨን ኮንስታንት ንጊኒ ከም ድማ ሰይዱ ከይታ ንማሊ ድማ ብፍጹም ቅላዕ ንጋንታታቶም ሸቶ ኣመዝጊቦም። በዚ መሰረት ካብዚ ምድብ ካልኣይቲ ኮይና እትሓልፍ ጋንታ ብዕጫ ክትፍለጥ ቀሲቡ ኣሎ። እዚ ዝኾነ እዘን ጋንታታት ኣዋህለለናኦ ዘለዋ ነጥብን ጸብለልታ ሸቶን ከምኡ'ውን ዘመዝገቦኦን ዝተመዝገበን ሸቶታት ማዕረ ብምዃኑ የግዲ ብዕጫ ክፈላለያ ኣለወን።

## ብሉጻት ተጻወትቲ ናይ ምድብ ግጥሚት




ማብል 30 ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ኣደነቕቲ ሸቶታት፡ ብዕጫ ዝወሃብ ውሳኔ ድራማዊ ፍጻመታትን ኣሰንዩ ናብ መድረኽ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ጸጊሩ ኣሎ። ዛጊት ተኻይዱ ካብ ዘሎ 24 ግጥሚት 45 ሸቶታት ተመዝጊቡ ኣሎ። መርበብ ሓበሬታ በበሲ ኣብዚ ናይ ዙርያ ናይ ምድብ ግጥሚት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝሰለፉሉ ቦታ ብሉጻት ኮይኖም ዝወጹ ተጻወትቲ ብምምራጽ እዛ ትስዕብ ናይ ሕልሚ ጋንታ ኣቐሚ ኣሎ።

ሓለው ልዳት፦ ፍሊፒ ኦቮኖ ካብ ኢኳቶርያል ጊኒ። ሸቶ ናይ ምዃን ዝለዓለ ተኽእሎ ዝነበረን 13 ኮዕሳቱ ብምድሓኑ።

ተኸላኸልቲ፦ ካራ ካብ ሰኔጋል። ሃገሩ ካብ ምድባ ክትሓልፍ ኣይክኣለትን፡ ይኹን እምበር ብውልቁ ዝደነቐ ብቕዓት እዩ ኣርእዩ። 36 ሓደገኛ ፈተነታት ኣፍሽሉ እዩ።

ፋውዚ ጉላም፡ ናይ ማእከል ተኻላኻላይ ኣልጀርያ እዩ። ንሱ ኣልጀርያ ናብ መድረኽ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ክትሰግር ዓቢ እጃም ተጻዊቱ። ሓሙሽተ ማስቀላውያን ኮዕሳቱ ብምኽልካሉ።

ኣውሪን ቸዱ ካብ ካሜሩን። 163 ኮዕሳቱ ኣብ ክሊ ሳንዱቕ ቕላዕ መቐጸዕቲ ጋንታኡ ተጻዊቱ። ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ተኻላኻላይ። ዕድል ግን ኣይገበረን ሃገራዊት ጋንታኡ ካብ ምድባ ክትሓልፍ ኣይከኣለትን።

ስቶፒላ ሳንዙ ካብ ዛምብያ። ዛምብያ ካብ ጉጅለኣ ክትሰግር ኣይከኣለትን። ይኹን እምበር እዚ ተኻላኻላይ 11 ግዜ ጫልቃ ብምእታው መጥቃዕቲ ኣንጻር ጋንታ ክከላኸል ብምኽኣሉ ጸብለል ኢሉ'ዩ።

ኣከፋፈልቲ፦

ኣንድረ ኣየው ካብ ጋና። ኣከፋፋሊ ኣየው ክልተ ግዜ ፈተነ ኣካይዱ፣ ክልተኣን ድማ ኣመዝጊቡወን።

ሶፍያን ፋጉሊ ካብ ኣልጀርያ። ኣብ ናይ ዙርያ ግጥሚት ንሸቶ ዝኾና ኮዕሳቱ ብምቕራብ መዳርግቲ ኣይተረኽቦን። ኣልጀርያ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ክትሓልፍ ልዑል እጃም ኣበርኪቱ እዩ።

ኣንድረ ጃሊ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ። ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብዚ ውድድር ኣይቀደዋን። ጃሊ ብውልቁ ሽዱሽተ ናይ ሸቶ ዕዳላት ፈጢሩ እዩ።

ኣጥቃዕቲ፦

ፒር ኦመሪክ ኦብምያንግ ካብ ጋቦን። እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ ሽዱሽተ ፈተነታት ኣብ ዕላማ ኣካይዱ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ኣጥቃዓይ።

ምቦካኒ ካብ ኮንጎ ኪንሻሳ። ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ቀንዲ ስግ ኣት መጋጥምቲ ኮንጎ ብራዛቪል ከም ዝኸውን ርዱእ እዩ። ኣብ ውሽጢ ክሊ ሳንዱቕ ቅላዕ መቐጸዕቲ ሸሞንተ ፈተነታት ብምክያድ መዳርግቲ ኣይተረኽቦን።

ቲያሪ በፎማ ካብ ኮንጎ ብራዛቪል። ሸሞንተ ሸቶ ናይ ምዃን ዕድላት ፈጢሩ'ዩ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ ጽግዕ ቀዳም ሓደ ካብቶም ኣሰጋእቲ ተሰለፍቲ ኮንጎ ብራዛቪል ኣንጻር ኮንጎ ኪንሻሳ ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ።

# ኮፓ ዴል ሬይ




ዝሓለፈ ረቡዕ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣንጻር ባርሰሎና ግጥም ካልኣይ እግሪ ዋንጫ ንገስ ሰጽኛ ኣካይደን። እቲ ዝተፈላለየ ፍጻመታት ዝተራእዮ ግጥም ብዓወት'ታ ካታሎናዊት ክለብ 3-ብ2 እዩ ተዛዚሙ። ኣብቲ ማእከላይ ዳኛ ገል ማዝዮ ብርክት ዝበለ ኣካታዒ ውሳኔታት ክህብ ዝተራእየሉ ጸወታ፡ ኣትሌቲኮ ሓለቓ ጋንታኣ ጋቢ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ። ብዘይካዚ ንኣትሌቲኮ ኣካታዒት ፍጹም ቅላዕ ተዋሂቡ፣ ራውል ጋርሽያ ድማ ቀለው ኣመዝጊቡዋ። ኣትሌቲኮ መራሕት ጨበጠት። ተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማርዮ ስዋረዝ ኣብ ማብል 84' ብቐይሕ ካርድ ተሰጕገ። ኣብ ርእሲ'ዚ ቱርካዊ ኣርዳ ቱራን ንተሓጋጋዚ ዳኛ ጫማኡ ደርብዩ ስለዝኾ ከብቅዕ ብብዮጫ ናይ ስምዕታ ካርድ ጥራይ ብምሕላፉ ንውሳኔታት ማእከላይ ዳኛ ማዝዮ ኣብ ትዕዝብቲ ኣእቲዩ። ፈርናንዶ ቶረስ ጸወታ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 38 ካልኢታት ንኣትሌቲኮ መራሕት እተትሕዝ ሸቶ ኣመዝጊቡ ኔይሩ'ዩ። እንተኾነ ነይማር ድሕሪ 9 ደቓይቕ ብምምዝጋብ ንባርሳ ኣመዓራረያ። ዕረፍቲ ቅድሚ ምእካሉ፡ ራውል ጋርሽያ ናይ ኣትሌቲኮ ንዘተዋህበቶ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ናብ ሸቶ ብምቕያሩ፡ ኣትሌቲኮ መራሕነት መለሰት። እንተኾነ ድሕሪ ሸሞንተ ደቓይቕ'ውን ባርሳ ኣጥቂዓ ናይ መኣዝን ቅላዕ ረኺበት። ተኻላኻላይ ኣትሌቲኮ ሚራንዳ ናብ ጉዱ ልዳቱ ብምምዝጋቡ ጸወታ ዶማጋይ ተመዓራረየ - 2-ብ2 ቀጸለ። እቲ ግጥም ናብ ዕረፍቲ ኣብ ዘምርሓሉ ኢጋጥሞ፡ ነይማር ንሱኡ ካልኣይቲ ንጋንታኡ ድማ መዐወቲትን ሳልሰይቲን ሸቶ ኣእተወ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1-0 ተዓዊታ ዝነበረት ባርሰሎና ድማ ብድምር 4-ብ2 ብምዕዋር ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኮፓ ደል ሬይ ሰገረ። ባርሰሎና ንዓመት 2013/14 ዋላ'ውን እዥ ጽዋእ ከይዓተረት'ያ ሓሊፋታ። ኣብቲ ዓመት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንባርሰሎና ሽዱሽተ ግዜ ኣብ ዝተፈላለዩ ግጥሚት ሰዒረታ ምንባራ ይዝከር። ሎሚ ዓመት ግና ብኣንጻሩ ባርሰሎና ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኚ ልዊስ ኤንሪክ ካብ እትኣቱ ንጆ ኣብ ልዕሊ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንሳልሳይ ተኸታታሊ ግዜኣ ዓወት ተጎናጺፋ ትርከብ። ሪያል ማድሪድን ኣትሌቲኮ ማድሪድን ኣብ ዝተገለፋሉ ኢጋጥሚ ከኣ ባርሰሎና ኣብ መድረኽ ፍርቂ ፍጻመ ካብ ቪያ ርያል ወይ ድማ ጌታፈ ምስ ዝዐዓረት ጋንታ ክትገጥም ብምዃና ዋንጫ ናይ ምዕታር ዝረሓበ ዕድል ይጽበያ ኣሎ።

# ምርጫ ንፕረዚደንትነት ፊፋ



ሳልሰዋይ በዓል ማዚ ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ፊፋ ዝመጽእ ግንቦት ምርጫ ፕረዚደንትነት ከካይድ እዩ። ክሳብ ትማሊ ሓሙስ ረፋድ ድማ ንእዋናዊ ፕረዚደንት - ሰፕ ብላተር ወሲኽካ ሓሙሽተ ሕጹያት ናብ ውድድር ቀሪቦም።

ስዊዘርላንዳዊ እዋናዊ ፕረዚደንት ፊፋ ሰፕ ብላተር፡ ዝሓለፈ ዓመት ብጡዓይ ምእንጋድ ውድድራት ዋንጫ ዓለም 2018 ከምኡ ድማ 2020 ካብ እንግሊዝን ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜናን ሓያል ጸቕጢ እዩ ኣጋጢምዎ። ድሕሪ ምዝዛም ዋንጫ ዓለም 2014 ካብ ስልጣኑ ክእለ ምዃኑ ሓቢሩ ዝነበረ ናብ 80 ዓመቱ ተጸግዩ ዘሎ ብላተር "ዝተሰምኩዎ መደብት ኣይዛዘምኩን" ብምባል ዳግማይ ናብ ውድድር ከም ዝኣተወ ኣፈሊጡ። ብላተር ዝመጽእ ግንቦት ንዝካየድ ምርጫ ደሮ ደገፍ ኣርባዕተ ኮንፈደረሽናት ማለት ኮንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢስያ፡ ኣፍሪቃ ደቡብ ኣመሪካን ኦሻንያን ረኺቡ ምህላዉ ድማ ይገልጽ። ወዲ 79 ዓመት ብላተር ንዝመጽእ ውድድር ክዕወተሉ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎ ይብሃል። ይኹን'ምበር፡ ብዙሓት ኣባላት ማሕበረሰብ ስፖርት ዓለም፡ እዚ እምብዛ ሽምገሉ ዘሎ ብላተር፡ ካብ መራሕነት ክእለ ከምዘለዎ'ዮም ዝጽውዑ። ሽወደናዊ ኮኾብ ተጻዋታይ ዓለምና ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ "ብላተር ካብ ስፖርት ተኣልዩ በቤተክርስትያኑ ክምላለስ ኣለዎ" ክብል ደኢሉ ኔሩ።

ልዊስ ፊጎ፦ ወዲ 42 ዓመት ፖርቱጋላዊ ልዊስ ፊጎ ካብቶም ኣብ መወዳእታ ሰዓት ኣብዚ ውድድር ዝተጸምዱ እዩ። እዚ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋልን ክለባት ርያል ማድሪድን ባርሰሎናን ኢንተርሚላንን ዝነበረ ፊጎ፡ ሕጹይ ኣብ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኮሚተ ኩዕሶ እግሪ ብምዃኑ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ናይ ምሕደራ ብቕዓቱ ዘመስከረ እዩ። ፊጎ ደሮ ናይ ሓሙሽተ ሃገራውያን ፈደረሽናት ተኣማንነት ኣሕዲሩ ምህላዉ ይሕበር። ብተወሳኺ ንሱ ውሑዳት ካብ ዘይኮና ሃገራት ኢስያን ኣፍሪቃን ደገፍ ናይ ምርካብ ዕድላቱ ሰፊሕ ምዃኑ ይግለጽ።

ጀሮም ቻምፕይኝ፦ ን11 ዓመታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፊፋ ብዝተፈላለየ ጽፍሓታት ኣገልጊሉ እዩ። ንሱ ንብዙሕ ወሸጣዊ ኣካይዳ ፊፋ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ዝምድናታት ፊፋን ሃገራትን ዝመርሕ ዝነበረን እውን እዩ። ካልኦት ሕጹያት ከኣ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ምዕራብ ኢስያን ምክትል ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢስያን ዝኾነ ወዲ 39 ዓመት፡ ልዑል ጆርዳን ዓሊ ቢን ኣል ሑሴን ከምኡ'ውን ን14 ዓመታት ፕረዚደንት ክለብ ኢያክስ ኮይኑ ዘገልገለን ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ዝነበረን ሆላንዳዊ ሚካኤል ቫን ፓራግደቨድ ዝርኖላን ይርከብዎም።

# ቶተንሃም ኣብ ወምብሊ . . . .




ብረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ መቐጸልታ ግጥም ካፒታል ዋን፡ ኣብ ለንደን ዝመደበሩ ቶተንሃም ኣንጻር ሸፊልድ ዩናይትድ ገጢማ ብድምር ወጽኢት 3-ብ2 ብምዕዋት ንፍጻመ በጺሓ። ኣብ ሜዳ ሸፊልድ ኣብ ዝተጋበረ ጸወታ ፈለማ ቶተንሃም ብመንገዲ ደንማርካዊ ክርስትያን ኤሪክሰን ኣቢላ ኣብ ማብል 28' ብዘመዝገበታ ሸቶ 1-ብ0 መራሓ ንዕረፍቲ ኣምረሐ። ኣብ ካልኣይ እብረ ኣዳምስ ናይ ሸፊልድ ኣብ ማብል 77 ከምኡ'ውን 79' ኣከታቲሉ ክልተ ጎላት ብምምዝጋብ ኑቲ ግጥም መቐረት ወሰኸሉ። እቲ ኣብ ውዱእ ሰዓት ሸቶታት እናኣመዝገበ ዝቕጽል ዘሎ ኤሪክሰን፡ ኣብ ማብል 88' ማዕረ እትገብር ጎል ብምቑጻሩ፡ እቲ ግጥም 2-ብ2 ተዛዚሙ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1-0 ተዓዊታ ዝነበረት ቶተንሃም ድማ ብድምር ወጽኢት 3-ብ2 ሓሊፋት።

ቶተንሃም ኣንጻር'ታ ንሊቨርፑል 1-0 ሰዒራ ዝሓለፈት ቸልሲ ዝመጽእ ባትቲ መጋቢት ኣብ ስታድዩም ወምብሊ ክትገጥም እያ። ቸልሲን ቶተንሃምን ኣብ ከምዚ መድረኽ ኣብ 2008 ኣብ ተመሳሳሊ ሜዳ ተራኺበን ኔረን፡ ቶተንሃም ድማ ንቸልሲ ሰዒራ ዋንጫ ካርሊንግ ዓቲራ ምንባራ ይዝከር። እታ ዋንጫ ቶተንሃም ንመወዳእታ ግዜኣ ዝዓተረታ ጽዋእ ኮይና ትርከብ። ኣብ 2012 ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ኤፍ ኤ ቸልሲ ኣብ ልዕሊ ቶተንሃም 5-ብ1 ተዓዊታ ነይራ'ያ። ኣብ ሓድሽ ዓመት 2015 ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ ከኣ ቶተንሃም ንቸልሲ 5-ብ3 ኣሲፊታ'ያ።

ተስፋኣለም የማነ

# ዜና ብሓጺሩ

የክሬን

ኣብ ምብራቓዊ ክፉል የክሬን ኣብ መንጎ ደገፍቲ ሩስያ ዝኾኑ ዕጡቓትን ተቓወምቲን ሰራዊት መንግስቲን ብዝቐጸለ ዘሎ ኩናት፡ ትማሊ 29 ጥሪ ጥራይ ኣስታት 100 ወተሃደራት መንግስቲ የክሬን ከም ዝተቐትሉ ይግለጽ ኣሎ።

ሰበ ስልጣን ዞባ ሉሃንስክ ብሓምሰ ንኣገልግሎት ዜና ኖሮሲያ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ በቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሓይሊታት ክቕጽል ዝወዓለን ዝሓደረን ከቢድ ኩናት፡ ሰራዊት የክሬን ኣርባዕተ ታንክታት፡ ሸሞንተ ድሩዓት ተሽከርከርቲን ክልተ ከቢድ ብረትን ከም ዝኸሰረ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ምብራቕ የክሬን ግጭት ካብ ዝውላዕ ንደሓር ጥራይ ልዕሊ 5 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ድማ ካብ መንበሪኦም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣይቮሪኮስት

መንግስቲ ኣይቮሪኮስት፡ ኣብ ርእሰ ከተማ'ታ ሃገር - ኣቢጃን እናገዙ ንዝመጽኡ ዘሎ ቅትለት ኣብ ልዕሊ ህጻናት ንምግታእ 1,500 ወተሃደራትን ኣባላት ፖሊስን ከምፍር ከም ዝወሰነ ገሊጹ።

እቲ መንግስቲ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሓደት ሰሙንታት ጥራይ ልዕሊ 20 ህጻናት ብዘይተፈልጡ ወገናት ድሕሪ ምጭዋዮም ብዘሕዝን ኣገባብ ተቐቲሎም ከም ዝተረኽቡ ብምምልካት፡ ገበነኛታት ንምልላዮምን ንምሓዞምን ሓንቲ መርማሪት ጉጅለ ኣቒሙ ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ። ኣብቲ ዝቕጽል መርመራ ሰብ ማዚ ወድባት ሕቡራት ሃገራት'ውን ክሳተፉ ምዃኖም ወሲኹ ኣመልኪቱ።

የርዳኖስ

ዕጡቓት ዳዕሽ፡ መንግስቲ የርዳኖስ ንጠለቦም ቅልጡፍ ምላሽ ክህቡ እንተዘይክኢሎም ነቲ ማርኾም ዘለዉ ፓይሎት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቐትልዎ ምዃኖም ኣጠንቂቖም።

እዞም ዕጡቓት ትማሊ ብመገዲ መርበብ ሓበሬታ 'ትዊተር' ኣብ ዘርገሕዎ ናይ ድምጺ መልእኽቲ፡ የርዳኖስ ነታ ብግብረሽበራዊ ተግባር ክሰሳ ንሞት ፈሪዳታ ዘላ ሳጂዳ ኣልሪሻዊ ዝተባህለት ኣባል ኣልቃዒዳ ዝኾነት ዓለምለኸ ጓለንስተይቲ ናጻ ብምልቃቕ፡ ትማሊ ሓሙስ ሰዓት 6:00 ድ.ቀትሪ ኣብ ዶብ ቱርኪ ንክተረክቦም ጸዊዖም ኔሮም። እዚ ምስ ዘይትፍጽም ድማ ነቲ ሒዞሞ ዘለዉ ፓይሎት ብቐጻበት ሰዩፎም ክቐትልዎ ምዃኖም ኣጠንቂቖም ኔሮም። ኮይኑ ግን የርዳኖስ ነቲ ጠለብ ኣማሊኣቶ እንተኾይና፡ እዞም ዕጡቓት ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ፓይሎት ዝወሰድዎ ስጉምቲ እንተሃልዩ ዛጊት ዝተፈልጠ ነገር የለን።

ሳጂዳ ኣልሪሻዊ፡ ኣብ 2005 ኣብ ጆርዳን ኣብ ልዕሊ ሓደ ሆቴል ድሕሪ ዝፈጸደቶ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ'ያ ንሞት ተፈሪዳ ዘላ።

ደቡብ ሱዳን

መራሒ ደቡብ ሱዳን ፕረዚደንት ሳልቫ ኪር ብምኽንያት ሕማም ሆስፒታል ከም ዝኣተወ ተገሊጹ። ቢ.ቢ.ሲ. ንሰበስልጣን'ታ ሃገር ብምጥቃስ ትማሊ ኣብ ዘርገሓ ጸብጻቡ፡ እቲ ወዲ 63 ዓመት ፕረዚደንት ድሕሪ ዘጋጠሞ ክሳሕ ዘይክኣለ ከቢድ መድመይቲ ኣፍንጫ ብኣምቡላንስ ተሓጊዙ ናብ ሆስፒታል ከም ዝኣተወ ኣረጋጊጹ።

በዚ ኩነት'ዚ ኣብታ ሃገር ዝቕጽል ዘሎ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ ክቕጽል ተወጢኑ ዝነበረ መረጻእታ'ቲ ዞባ ዝሳተፍዎ ዋዕላ ተደናጊዩ ከም ዘሎ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

## ታይዋን ውሉፋት ቁልዑ ዘዕብያ ስድራ ቤታት 1.6 ሽሕ ዶላር ክቕጽዓ?



ሰበስልጣን ታይዋን ህጻናት ብቪድዮ ገይም፡ ቴለቪዥንን ካልእን ክዘናግዑ ኢሎም ኣብ ሞባይላቶምን ኮምፕዩተራቶምን ዘጥፍእዎ ግዜ ደረት ክህልዎ ዘስገድድ ሓድሽ ሕጊ ኣጽዲቖም።

ብመሰረት ኣገልግሎት ዜና ቻይና - ሺንሁዋ፡ ካብ ሎሚ ንደሓር ስድራ ቤታት ታይዋን ህጻናት ደቀን ወልፊ ናይ ኤለክትሮኒካዊ መዘናግዒታት ከም ዘለዎም እንተተረጋጊጹ፡ ብመሰረት'ቲ ሓድሽ ሕጊ ክሳብ ሓደ ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ዶላር መቕጻዕቲ ክበየጻለን እዩ። ካብዚ መቕጻዕቲ'ዚ ክምልጣ እንተደኣ ኮይነን ግን፡ ደቀን ምስ ሞባይል፡ ኣይፓድን ኮምፕዩተርን ካልእ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒን ዘሕልፍሉ ውሱን ግዜ ብምፍላይ ሓያል ቁጽጽር ክገብራሎም ከም ዘለወን'ዩ ተነጊርወን ዘሎ።

ብመሰረት'ቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ብባይቶ ታይዋን ዝጸደቐ ሕጊ፡ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዝኾነ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ፈጺሞም ከይሕዙን ከይጥቀሙን ተኣጊዶም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኮተቴ'ውን መዓልታዊ ንነዊሕ ሰዓታት ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ክጥቀሙ ፍቓድ ከም ዘይብሎም ኣብቲ ሕጊ ተጠቒሱ ኣሎ።

ኣብ ታይዋን ኤለክትሮኒካዊ ፍርያት ኣብ ተጠቀምቲ ብዘስዕቦ ክቱር ወልፊ ምስኡ'ውን ንጥዕና ሓደገኛታት ተባሂሎም ዝጥቀሱ ከም ሽጋራ፡ ትምባኾን ኣልኮልን ዝኣመሰሉ ወልፍታት ተመዲቡ ምህላው ዝጠቐሱ ሰበስልጣን'ታ ደሴት፡ ዜጋታት ነቲ ጸዲቑ ዘሎ ሓድሽ ሕጊ ከኽብርዎ ጸዊዖም። እንተኾነ ህጻናት ይኹኑ ኮተቴ መዓልታዊ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ካብ ምጥቃም ንኽንደይ ዝኣክል ደቓይቕ ወይ ሰዓታት ክሕረሙ ከም ዘለዎም እቶም ሰበስልጣን ኣየገለጹን።

ቻይና'ውን ኣቐዲማ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ወሲዳ ምንባራ'ዩ ዝግለጽ። ብፍላይ ምምሕዳር ሻንጋይ፡ ዓቕሚ ኣዳም ዘይበጽሑ ቻይናውያን ሽጋራ ከየትክኹ፡ ኣልኮል ከይሰትዩ፡ ሕላፍ ሰዓት ኣብ ጎደናታት ዘወን ከይብሉ፡ ኣብ ኣብያተ ኢንተርኔት ድማ ቪድዮ ገይምን ቴለቪዥንን ከፊቶም ንነዊሕ ሰዓታት ከይጥቀሙ ወለዶም ብጥብቂ ክቆጻጸርዎም ዘስገድድ ሕጊ ኣብ ዝሓለፈ 2013 ኣጽዲቑ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ይሕበር።

ቻይና ኣብዚ እዋን 648 ሚልዮን ተጠቀምቲ ኢንተርኔት ክህልዋ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ብውሕዱ እቶም 24 ሚልዮን ግዜኦም ምሉእ ብምሉእ ምስ ኢንተርኔት ዘሕልፍዎ ውሉፋት ምዃኖም ይንገረሎም።

## ምርጫ ኣመሪካ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል 900 ሚልዮን ዶላር ከቦኽሉ ዝወጠኑ ኣሕዋት

ቻርለስ ኮችን ደቪድ ኮችን ዝተባህሉ ክልተ ኣመሪካውያን ኣሕዋት፡ ኣብቲ ኣብ ዝመጽእ 2016 ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ሂላሪ ክሊንተን ንኸይትዕወት 899 ሚልዮን ዶላር ከቦኽሉ መዲቦም ምህላዎም ገሊጾም።

እዞም ደገፍቲ ሰልፊ ሪፓብሊካን ዝኾኑ ቢልዮነራት ኣብ ካሊፎርኒያ ካብ ዝርከብ መዕረፊኦም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ገንዘብ ብምልኡ ወከልቲ ሪፓብሊካን ዝኾኑ ሕጹያት ኣብ ዝካይድዎ ናይ ምረጹና ጎስጓስ ክቦኽሽ ምዃኑ ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ዕላማ ኣብቲ ምርጫ ሰልፊ ሪፓብሊካን ተዓዊቱ ንመናብር ኮንግረስ ንምብሓት ከም ዝኾነ ኣረጋጊጾም።





እንተኾነ እቶም ብሃብቶም ኣብ ኣመሪካ ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ኣሕዋት ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ንወከልቲ ሰልፊ ሪፓብሊካን ክልግስሉ ዝወሰኑሉ ምኽንያት ዘለዎም ገዚፍ ውልቃዊ ረብሓታት ንምሕላው ክብሉ ምዃኖም፡ እዚ ከኣ፡ 'ሕኽኽዚ ኩሓኩ' ዝመስል ዘይስነምግባራዊ ተግባር ምዃኑ ሓያለ ኣመሪካውያን ምሁራት ይወቕሱ።

ብመሰረት'ቶም ምሁራት፡ እቲ ንሪፓብሊካንስ ክሕግዝሉ መዲቦሞ ዘለዉ መጠን ገንዘብ ካብቲ ኣብ ምርጫ ኣመሪካ 2012 ክልቲኦም ሰልፍታት ዘቦኸስዎ ጠቕላላ ባጀት ብልዕሊ ክልተ ዕጽፊ ዝዛይድ'ዩ።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ኣመሪካ ኣብ 2016 ኣብ እተካይዶ ምርጫ ክሳብ 8 ቢልዮን ዶላር ዝበጽሕ ገንዘብ ክቦኽሽ ምዃኑ ድሕሪ ምእማት፡ እዚ መጠን'ዚ ካብቲ ብሪጣንያ ኣብ 2010 ሓፈሻዊ ምርጫ ንምክያድ ዘቦኸሰቶ መጠን ገንዘብ ብ109 ዕጽፊ ከም ዝዘበዘሐ ኣመልኪቶም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ምርጫ 2016 ብወገን ሰልፊ ደሞክራትስ ጸሓፊት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ዝነበረት ሂላሪ ክሊንተን ክትወዳደር ምዃና ክፍለጥ እንከሎ፡ ንሰልፊ ሪፓብሊካን ወኪሎም ዝወዳደሩ ከኣ ከባቢ 10 ዝኣኽሉ ሕጹያት ተመዝጊቦም ኣለዉ። ወላ'ኳ ኣብቲ ምርጫ ወከልቲ ሰልፊ ሪፓብሊካን ክዕወቱ ምዃኖም ብሓያለ ወገናት ግምት ይወሃቦም እንተሃለወ፡ ካብኣቶም መኖም ፕረዚደንት ኮይኑ ከም ዝዘምረጽ ንምግማት ግን ገና ኣሸጋሪ ኮይኑ'ዩ ዘሎ።

## ኩርዳውያን ንዳዕሽ 'ይደፍኡ'

ንልዕሊ ኣርባዕተ ወርሒ ኣብ ከባቢ ከተማ ኮባኒ ጽዑቕ ምርብራብ ዘካየዱ ኩርዳውያን ንዕጡቓት ዳዕሽ ደፊኦም ካብታ ከተማ ከም ዘውጽእዎም ይገልጹ ኣለዉ።

ከተማ ኮባኒ ኣብ ዶብ ሶርያን ቱርክን ትርከብ ኮይና፡ ዝጠዘለ ክፋላ ኣብ ትሕቲ ዕጡቓት ዳዕሽ ኣትዩ ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝግለጽ። ዕጡቓት ዳዕሽ ነታ ስትራተጂካዊት ከተማ ንምቁጽጻር ዝሓለፈ መስከረም ሓያል መጥቃዕቲ ከም ዝፈነዉ ኣይርስዕን።

ይኹን'ምበር፡ ብዩብዩብ ኤርትራ ኣመሪካ ዝተሰለፉ ሶርያውያን ዕጡቓት ኩርድ፡ ኣንጻር'ቶም ኣኽራሪ ሃይማኖታዊ መርገጺ ከም ዝኸተሉ ዝንገረሎም ዕጡቓት ዳዕሽ ድሕሪ ዘካየድዎ ምርብራብ ኣብዚ እዋን'ዚ ን90 ሚእታዊት ክፋል ናይታ ከተማ ክቆጻጸሩዋ ከም ዝኸኣሉ'ዩ ብሓያለ ወገናት ተረጋጊጹ ዘሎ።



ዕጡቓት ዳዕሽ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ከባቢ ከተማ ኮባኒ ንዝርከብ ልዕሊ 300 ዓድታት ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ናብታ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ዓሌት ኩርድ ዝነብሩላ ከተማ'ውን ኣስጊሖም ምንባሮም ይፍለጥ።

ካብ መጥቃዕቲ ዳዕሽ ዝሃደሙ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኩርድ ድማ ነታ ከተማ ጉዳፎም ክሃድሙ ከም ዝተገደዱ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ኣዋርሕ ንከተማ ኮባኒ ንምቁጽጻር ብዘተኻየደ ምርብራብ ልዕሊ 1200 ኣባላት ዳዕሽ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ብወገን ኩርዳውያን ድማ ኣስታት 400 ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ።